ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.60 | ሰንበት 8 ሕዳር 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ካብ ጽንብላት ብጽሕና



ገጽ 4 ዓረራዊ ብክለ



ገጽ 5 ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን...



ገጽ 7 ምልክታት ባሕሪ - መድሕን...



ኤርትራውያን ነበርቲ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን፣ ሰሚናር ህዝባዊ መኽተ ኣካዩዶም

ኤርትራውያን ነበርቲ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ሱዳን፡ ብ6 ሕዳር ኣብ ከተማ ፖርትሱዳን ኣብ ዙርያዶም ሰሚናር ህዝባዊ መኽቶ፡ ልኡላውነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝምልከት ገሸኽ ዓይነት ተጻብኦ ንምምካት፡ ኩሉ ካብኡቶም ዝሕዞት ነቕጣዕ ከምዝመልኡ ኣረጋጊጸም።

ኣበ'ቲ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ሱዳን ኣዩ ዓሊ ኣሕመድ ዒሴ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባዊ ምዕባለታትን ዘተኩረ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣምባሳደር ዒሴ፡ መኽቶ ነም ባህሊ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰን እናሰረጸን ዝመጸ ባህልን ክብርን ነምዝኽኻ ብምብራኹ፡ ኣበ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ - ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት፡ ኣብ ኩሉ ዓውዲታት - እንተላይ ንዮሬታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ፡ ቁጠባ፡ ፖሉቲክን ካልኦትን ዓቕሞም ዘፍቅዶ ኣርእኽቦን ተሳትፎን ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ሱዳን ኣዮ እሮሚኤል መሳ ብወኸፉ ዘለናዮ ማዜ ናይ መኽቶ እዋን ስለዘኽፈ ህዝቢ ንቕሓቱ ብምብራኽ በብቅጻሊታቱ ጥርናፊኡ ኩሕይልን ሓድነቱ ኽትርርን ጸዊዐ።

ተሳተፍቲ ብወኽምን፡ ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብየምን ሕየን ዝተረጋገጸ ቀይሕ መሳመር ነምዝኽኻ ብምግላጽ፡ ሃገርም ካብኡም እትጠልቦ ኩሉ ነምዝመልኡ ኣረጋጊጸም።

ኣበ'ቲ ሰሚናር፡ ኣባላት ኣካየድቲ ኣኽላት ውዳበታት ማሕበረተብም ግንባርን ነምኡ'ውን መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ዝርኸብዎም፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ፖርትሱዳንን ሰዋኸንን ዝመጹ ዜጋታት ተሳቲፎም ነይሮም።

ዓዲቕይሕ - ስልጠና ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባታት ሰንዓፈን ዓዲቕይሕን ቀረብ ካብ ሻይረስ ነጻ ዝኾነ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ንምብዛሕ ዝኾየድ ዘሎ ጻዕሪ ንምዕዋት፡ ብ5ን 6ን ሕዳር ስልጠና ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ተሰንዩ ኣብ ከተማ ዓዲቕይሕ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ኣብ ክልቲኡ ንኡስ ዞባታት ዝነጥፉ ኣልማዕቲ ድንሽ፡ ክኢላታትን ሓለፍቲ ሕርሻን ተሳቲፎም።

ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ብዓኻር ዝጸንሐ ኣገባብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ብፈልሲ ንምትክኡ ከምዝኸኣሉ፡ ኑቲ ስልጠና ዝሃበት - ኣብ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ሓላፊት ኣሃዱ ስነ-ሂወታዊ ቴክኖሎጂ ወይዘሪት ኤደን ተሰፋማርያም ገሊጻ።

ክኢላ ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ ወይዘሪት ምዕራፍ ተሰፋይ ብወገና፡ ኣብ ባህላውን ዘመናውን ኣገባባት ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ ኣተኩራ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ብፈልሲ ዝትከል ገዚዐ እቶት፡ ካብ'ቲ ብዓኻር ዝዘራእ ከምዝብርክት ኣብሪሃ።

ሓላፊ ምርምር ነቕጣ ዓዲቕይሕ ቀሺ ዮውሃንስ ዮሴፍ ድማ፡ ሓረስቶት ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ንዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ባይታ ንኽሰርሑሉ፡ ምትሕብባር ከምዝግበረሎም ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓለፍቲ ሕርሻ ኣብ ክልቲኡ ንኡስ ዞባታት፡ ኑቲ ፍልጠት ናብ ካልኦት ሓረስቶት ከመሓላልፍዎ ኣተሓሳሲቦም።



ገለብ - ንቕሓት ደቂኣንስትዮ ክብ ንምባል ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ንቕሓት ደቂኣንስትዮ ኣብ ሃገራዊ መደባት ክብ ንምባል ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ4 ሕዳር ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ ወዲቡ።

እቲ ንተመሃሮ ደቂኣንስትዮ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ መደባት ሃገራዊ ህንጸት፡ ልምዓታዊ መደባት፡ ሕብረተሰባዊ ክብርታት፡ ሃገራዊ መንነትን ታሪኽን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ተራ ደቂኣንስትዮ ዘተኩረ ነይሩ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ህድኣት ሙሳ፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ተጠርኒፈንን ውዳበታተን ኣሐዩለንን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ መደባት ተሳትፎኣን ከዕዝዙ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ምኻኑ ኣረዲኣ።



ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን ብግደኣ፡ ኤርትራዊ ባህልን ክብርታትን ኣብ መንእሰያት ተመሃሮ ንኽሰርጽ፡ ተራ ወለዲ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብግደኣን፡ ዓቕሚታት ደቂኣንስትዮ ንምጉልባት ዝሕግዝ ስልጠናታት ክውደብ፣ ኣብ መንእሰያት ዝግበር ጎስጓሳት ክጽዕቕ፣ ከምኡ'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ ቴክኖለጂ ኣብ መንእሰያት ንምውጋድ ዕቱብ ክትትል ክግበር ዝብልን ካልእን ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣመሓላሊፎም።

ዜና

ሰንዓፈ - ንዘምድና ኣካረይትን ተኻረይትን ዝግምግም ርክብ ተኻዩዱ

ኣብ መንነ ኣካረይትን ተኻረይትን ዘለሙ ዝምድና ንምድልዳል፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትግባረ ንክራይ ኣባይቲ ዝምልከት መምርሒታትን ኣዋጃትን ዝርኢ ሃንፋት ንምትዕርራይ ዝሕግዝ ርክቡ ብ3 ሕዳር ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ተኻዩዱ።



ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ሚኒስትሪታት፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን መሃንቲ ትካላትን ዝተሳተፍዎ ርክቡ ሓላፊ ኣሃዱ ክራይ ኣባይቲ ኣቶ ዓሊ መሓመድ-ሳልሕ ኣብ ገዛቦ መብርሂ፡ መጠን ክራይ ንምቁጽጻር ብሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ዝወጸ መምርሒታትን ኣዋጃትን ምጥሓስ ሕጋዊ ሳዕቤን ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ መንነ ኣካረይትን ተኻረይትን ዝምበር ሕጋዊ ውዕል ንኽልቲኡ ወገን ዘርብሕ፣ ከምኡ'ውን ግቡኣትን መሰላትን ዘደልድል ከምዝኾነ ዝሓበረ ኣቶ ዓሊ፡ ሓሓሊፍካ ዝርኢ ጥሕሰት ክእረም፣ ተኻረይቲ ብመምርሒ ቤት-ጽሕፈት ክራይ ኣባይቲ ንዘተወሰነለም ክራይ ኣብ እዋኑ ክኸፍሉ፣ ኣካረይቲ ንተኻረይቲ ናይ ዝኾፈልዎ ክራይ ቅብሊት ክቐርጸሉም፣ ከምኡ'ውን ኣታዊታት ግብርን ቀረጽን ኣብ እዋኑ ክኸፍሉ ኣዘኻኺሩ።



ኣቶ ዓሊ ኣብ መወዳእታ፡ መምርሒ ክራይ ኣባይቲ ካብ ዘፍቀዶ ሽድሽተ መልቀቒ ሃጥብታት ወጺኡ፡ ኣካረይቲ ኣብ ልዕሊ ተኻረይቲ ጸቕጢ ምስ ዝገብሩ፡ ቤት-ጽሕፈት ክራይ ኣባይቲ ሕጊ ተኸቲሉ ሰንጮቲ ክወሰድ ሰልጣን ከምዝሰለዎ ኣነጺሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ሃብተ ኪዳነ ብወኑ፡ ህዝቢ ንዕላማን መንፈስን ናይ'ቲ መምርሒ ብዘየገድፍ ተገዝቢኡ፡ ንትግባሩኡ ብንቑሓት ክሰርሕ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ዝና ውዕል ክራይ ዘይገበሩ ኣካረይትን ተኻረይትን ክህልዉ ሰለዝኽእሉ ዳህሳስ ከምዝር፡ ኣብ መንነ ተኻረይትን ኣካረይትን ውሽጣዊ ሰምምዕ ክይህሉ ዕቱብ ክትዕ ክግበረሉ ጸዊዖም።

ምኽትታል ክህሉ፣ ኣብ ገለ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ውልቀ-ኣባይትን ዝርኢ ምዕጻው ዓይኒ-ምድሪ ፍታሕ ክፍደየሉ፣ ከምኡ'ውን ብዘይ ምኽንያት ዝተዓጽወ ኣባይቲ ክኸፈት ዝበልዎ ርእይቶታት ሂቡሞ።

ደ/ቀ/ባሕሪ - ተራ መምህራን ኣብ ምምልማል መንእሰያት ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ጨንፈር ሃማሙተኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ "ተራ መምህራን ኣብ ምምልማል ብቑዓት መንእሰያት" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብ5 ሕዳር ኣብ ዓሱቦ ምስ ርእሳነ-መምህራን ርክቡ ኣካይዱ።



ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ዑስማን ዓብዱልቓድር ኣብ ገዛቦ መብርሂ፡ ቀንዲ ዕላማ ማሕበር - ኩለንተናዊ ብቑዓት መንእሰያት ምብራኽን ኣብ ሃገራዊ መደባት ዘለዎም ተሳትፎ ምዕዛዝን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እዚ ገዚፍ ዕላማ ንኽሰምር፡ ምውህሃድ ኣካላት መንግስትን ማኣብርን ከምዘሓትት ገሊጹ።

ፍልጠትን ሞያን ዝዓጠቐ መንእሰይ እምኒ-ኩርናዕ መደባት ሃንጸት ሃገር ስለዝኾኑ፡ ምድግጋፍን ሓባራዊ ጸዕርን ምስ ሃናጺ ዝምድና ከምዘድሊ፣ መምህራን ብሓፈሻ ርእሳነ-መምህራን ድማ ብፍላይ ሓላፍነት ወሲዶም ክሰርሑሉ ከምዘኽእል ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ'ቲ ዞባ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዘዕባ ዝኾየድ መደባት ክኩቢያዊ ጽሬትን ጥዕና ተመሃሮን መብርሂ ሂቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ መምህር ፍስሃየ ኪዳነ ብወኑ፡ ምብራኽ ንቕሓት ተመሃሮ ኣብ ፖለቲካውን ጥዕናውን ጉዳያት ኣገዳስኑ ዕዙዝ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ዝኾየድ መደባት ብውጤቡ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቡ መዝሚ ቃል፡ ተራ መምህራን ኣብ ምኽኽኻእ ብቑዓት መንእሰያት ቀላሲ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ዝርከቡ መምህራን ኣበርክቶኦም ኩብ ኩበሉ ጸዊዖ።

ኣብ ዓድ-ሸማ፡ ሱታፌ ነበርቲ ኣብ ምምላእ ሕጽረታት ትምህርቲ ተመገሱ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዓድ ሸማ - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ጉልቡየምን ፖንዘቦምን ኣወሃሂዶም ኣብ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝርኢ ሕጽረታት ብሓፈሻ፡ ጸቡት መምሃሪ ክፍልታት ድማ ብፍላይ ንምፍታሕ ዝጉበርዎ ተሳትፎ ተመገሱ።

ኩነታት ትምህርትን ኣበርክቶኡ ኮምን ንምግምጋም ኣብ ዝተኻየደ ርክቡ ሓላፊ ምክትታል ጉዳያት ተመሃሮ መምህር መሓመድ-ሰዒድ እድሪስ፡ ሱታፌ ደቂኣንስትዮ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዝምስረን ከምዘሎኹ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ግን ብዘይተፈላለየ ምኽንያታት ከምዘኽኽ ኣብርሃ።

ርእሰ-መምህር መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ስወእ ሑሴን ሻጊ - መምህር ዓብዱ እድሪስ ብወኑ፡ ኣብ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋጥሙ ብድሆታት ንምፍታሕ፡ ንቕሓትን ምክትታልን ወሰዲ ውሳኒ ከምዘኽኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ኣብ ኩለን ደረጃታት እኹላት መምህራን ተመዲቦም ንጥፈታቶም የሰላስሉ ከምዝለዉ ብምጥቃስ፡ ብሰንኽ ጽልዋ ሰበኽ ሳዕሚዊ መሰብሮ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዝርኢ ምድንጓያት መግትኢ ክግበረሉ ጸዊዑ።

ሕጽረታት ንምምላእ ብዘተወሰደ ኮሚዊ ተብግሉ፡ ንኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርትን መባእታን ኣርባዕተ ግዘያዊ ክፍልታት ከምእተሰርሐ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዓድ-ሸማ ኣቶ ኣድም እድሪስ፡ ምክትታል ተመሃሮ ንምምሕዳርን ኮሚተ ወለድን ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮኑ፡ ወለዲ ንደቀም ኣብ ምምእዛን ብንቑሓት ክዋስኡ ኣተሓሳሲቡ።

ሓንቲ ካብ 17 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዝኾኑት ምምሕዳር ከባቢ ዓድ-ሸማ፡ ካብ ጋሕቴላይ ንሸነኽ ምዕራብ 10 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እኽሊ፡ ኣብ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ስልጠና ንመምህራን ከምእተዋህበ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቓድር ኣሕመድ

ቀ.ሰ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቀ.ሰ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍሰሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቀ.ሰ.113395-07588045

ምልክታ

ቀ.ሰ 125013 - ቀ.ሳጸ 1284

እምኒ-ሓይሊ - ኣብ ዕቃበ ሃብቲ ገረብ ዝምሰገን ሰራሕ ከም እተሰላሰለ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ ዕቃበን ምስጎንን ሃብቲ ገረብን እንሰነ ዘገዳምን ዝተተግበሩ መደባት ዝምስገን ውጽኢት ከምእተረኽቦም ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ሓላፊ ቀጽጽር ኣግራብን እንሰነ ዘገዳምን ኣቶ ኣብርሃለይ ፍስሃጽዮን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ብዝተኻየደ ጎስጓስትን ናይ ቁጽጽር ስርሓት፡ ኩነታት ሃብቲ ገረብ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ከምዝርከብ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝርኢ ዝሸበረ ብርሰት ሃብቲ ገረብ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዱ ምህላዉ ዝገለጸ ኣቶ ኣብርሃለ፡ እዚ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ህዝቢ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓትን ኣብ ልዕሊ ኣብረስቲ ዝወሰድ ዘሎ ኣራሚ ስንጮትን ከምዝኾነ ኣፍሊጠ።

ምኽላል ሕዝእትታት ኣብ ምስጎን ሃብቲ ገረብ ዘለዎ ጉሉሕ ተራ ብምግንዛቡ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ሓሙሽቲ ቦታታት ሕዝእትታት ተኻሊሉ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ እዚ እንሰነታት ዘገዳም ንኽህስሱን መባቁላውያን ኣግራብ ንኽዕቀቡን ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣባላት ሓለዋ ኣግራብ ብወገኖም፡ ብሓፈሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ተርእዩ ብርሰት ኣገዩ ከምዘሸየ ብምሕባር፡ ህዝቢ ቡሽብባኡ ንዝጉበሮ ዘሎ ኣበርክቶ መጉሰ።

ማርታ፡ክብሮም

ካብ ጽንብካት ብጽሕና

ኣብ ጃፓን ንዝበጽሑ መንእሰያት ዝግበር ጽንበል 'ሰጂንግ ኖ ሃይ' ወይ መዓልቲ ብጹሓት' ይብሃል። ጃፓናዉያን ዝ. ቦዓል ብሓብር ዓመታዊ ኣብ 20 ጥሪ ይጽንበልዎ። ኣብ'ዛ መዓልቲ መብዘሕቲኦም ጃፓናዉያን ደቂ ተባዕትዮ ባድላ ይኽደኑ። ውሑዳት ድማ ባህላዊ ክዳን ዓዶም ይኽደኑ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ፉረሶድ ዝበሃል ባህላዊ ክዳን



ይኽደናን። እዚ ክዳን ዋጋኡ ኣዝዩ ክቡር ኮይኑ። ካብ ወለዲ ናብ ደቀም ዝሓልፍ ድማ እዩ።

እዚ ቦዓል ኣብ ጃፓን ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ኮይኑ ኣብ 710-794 ዓ.ም ዝጀመረ እዩ። ኣብዩ ግዜ ድማ ላዕለዋይ ደረጃ መሓብሮ ዝሸርሮም ሰባት ጥራይ እዮም ዝጽንበልዎ ኔሮም። ድሕሪ ግዜ ድማ ናብ ኩሉ ደረጃታት ሕብረተ ሰብ ለሓሙ። ዕላማ ናይዚ ጽንበል፡ ወለዲ ንደቀም ሓድሽ ሓላፍነት ንኽሰክምዎምን ብልጫታትን ብድሆታትን መንእሰይ ንደቀም ንኽፍልዎምን እዩ። ሎሚ ጃፓናዉያን ብዘይካ ኣብዚ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነገራት፡ ዝ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምብጻሕ ይጽንበሉዋ።

ኣብ ብራዚል ዝሰፍሩ ኣባላት ቀቢላ ስተረ ማወ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ዝበጽሑሉ ግዜ፡ ብሕብረተሰቦም ከም ብጹሓት ክወሰዱ እንተኾይኖም ከቢድን ቡዳሀን ፈተና ክሓልፉ ይግደዱ። መራሒቲ ናይዞም ቀቢላ፡ ኑየም ዕድመ ብጽሕና ዝኣኽሉ መንእሰያት ኣብ ነብሶም ብዙሓት መርዝምት ጸጸ ይኽደናን። እዚ ክዳን ዋጋኡ ኣዝዩ ክቡር ኮይኑ። ካብ መርዚ ንህቢ ይብርትዕ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ መርዚ መልመሰቲ፡ ምንፍርፋርን ምህትፋታፍን ከሰዕብ ይኽእል። ኣብ ግዜ ጽንበል፡ ሓደ መንእሰይ ን10 ደቓይቕ ከይበኽዩ ኑቲ ቃንዛ ክጸወሮ ኣለዎ። ኑቲ መንሽዩቲ ክጸወሮ ዝኾኣለ ሰብ 'ሰብኢይ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ዘይክኣለ ሰብ ግና ክኾብ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ብቕሳት ዘጥሪ ዝ. ፈተና ክዲጋግሞ ኣለዎ።

ህዝቢ ማሳይ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ዝኾዉ ቀቢላ እዮም። ኩብ 9-15 ዓመት ዝዕድመኦም ደቂ ተባዕትዮ ማሳይ ጉዕዞ ተቓሊሱቲ ምኳን ይጅምሩ። ኣብ ገጽም ቀይሕ ሓመድ፡ ኣብ ካልኣ ክፋል ኣካላቶም ድማ ጸዕዳ ሓመድ ይልከዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ክሳዶም ብሕብርታት ዘርኣ ኣዕናቹ ይንብሩ። እዚ ድማ ንኩናት ድሉዋት ከም ዘለዉን ብጹሓት ከም ዝኾኑን ዘመልክት እዩ።

ኣብዛ ደሴት ሶሜን ባፊን ዝኾብሩ ህዝቢ ኢኑክሞ፡ ኩሉ ዝንብርዎ ጽንበላት ምስ ተፈጥሮን ልምድታት ኣቦሓጎታቶምን ዝተሓሓዘ እዩ። ደቂ ተባዕትዮ 11-12 ዓመት ምስ ገበሩ፡ ምስ ኣቦታቶም ናብ በረኻ ይኸዱ። ንደቀም ድማ ኣቡቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ኣኮባ. ከመይ ገርም ሃድን ከም ዘኪይዱን ኑቲ በዳሂ ኩነታት ኣየር ብኾመይ ክምክትዎ ከም ዝኽእሉን ይምህርዎም። ኣብዚ ትምህርትን ፈተናን ደቂ ኣንስትዮ'ውን ማዕረ ኣሓተን ደቂ ተባዕትዮ እዮን ዝኣተፋ።

ኣብ ቀቢላ ኣፓቾ ዝኾደድ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘተኮረ ኮይኑ፡ 'ጽንበል ጸሓይ ብራቕ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ትሕቲ ንቦታት ሚክሲኮ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣፓቾ ብቕሳቶም፡ ሓይለንን ተጻዋርነትን ዘርኢየሉ ፈተና ይፍተና። እዚ ጽንበል ዓመታዊ ኣብ 4 ጥሪ ዝጅምር ኮይኑ፡ ንኣርባዕተ መዓልታት ይቕጽል። ኣብዘን መዓልታት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቀድሚ እተን ዓበይቲ ዓዲ ከዋቂረጸ ን12 ሰዓታት ይሰዕዮ። ኣይታት፡ ደቀን ምእንታን ዝ. ፈተና ክሓልፋ ንሓደ ዓመት የዳልዋኣ። ኣብ'ዚ ግዜ ልምምድ ድማ እተን ደቂ ኣንስትዮ ውሑድ መግቢን ውሑድ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታትን ጥራይ እዩ ዝፍቀደለን። ዝ. ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ፈተና ዝሓለፈት ጓል፡ ከም ብቕዕትን ምልእትን ጓል ትሕሰብኦ፡ ክትምርያ ትኽእልን።

ጽቡቕ ስምዒት ካብ ዝህቡ ምንቅስቓስ ኣካላት



1. ኤይሮቢክሳዊ- ካብ 20 ክሳዕ 30 ደቓይቕ ኤይሮቢክስ ምህራሑ፡ ዝዓይታት ዝጽንሕ ጽቡቕ ስምዒት ክፈጥር ከም ዝኾኽል እዩ ዝገለጸ። ኣብዚ ምንቅስቓስ ክትጉበር ከለኹ ኣሊታውያን ሓሳባት ካብ ኣእምሮኻ ክርሕቁ ይኽእዝቱን ኑቲ ቀንዲ ናይ ጽቕጠ. ሆርሞን ዝኾነ ኮርቲሶል የጉድሎም። ኤይሮቢክስ ኣብ ኣኽስትና ዝዩዳ ኣድሬናሊን ብምወጻኾ፡ ዝዩዳ ጸዓት ደኣዝኑ። ብዘይካ'ዚ ከም ብጅግሪ ምጉዓዙ ጉይ፡ ብቑሕሊታ ምዝዋርን ምሕንሳስን ዝኣመላሉ ንጥሪታት፡ ስምዒታት ቃዝናትን ሻቕሎትን ኣብ ምኽሪ ዓቢ. ተራ ደጋውቱ። ን15 ደቓይቕ ጥራሕ ምጉያይ ወይ ንሓደ ሰዓት ቅልጥፍቅልጥፍ እናበልካ ምጉዓዝ ንኽሉት ኣእምሮኻ ክብ የብሉ።

2. ምልዓል ክብደት ወይ ፕሽኣፕ ምዝርጋ፡ ስምዒታት ቈንቋት ንምኽሪ፡ ርእሰ ተኣማንነት ንምዕባይ፡ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ጥዕና፡ ጽቡቕ ኣቓውማ ንኽህልወኩ፡ ንምግዛኡ ስምዒት ንምቀጽጻር፡ ጽቕጠ. ንምጉዳልን ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ንምምሕያሽን ክሕግዝ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ቀዛትን ሻቕሎትን ንምኽሪ ክሕግዝ ዝኽእል ኢንዶርፊን ይወሪኽ።

4. ጽዑቕ ምንቅስቓስ ምክያድ- እትጉበሮ ምንቅስቓስ ኣብ ሓጺር ግዜ ልዑል ወጽኢት ዘለዎ ክኸውን እንተ ደሊኹ ጽዑቕ ምንቅስቓስ ምክያድ የድሊ። ኣብዚ ዓውዲ መጽናዕቲ ዞጠዱ ኣካላት ከም ዝኸሉዎም እቲ ኣብ 75 ደቓይቕ እትጉበሮ ጽዑቕ ምንቅስቓሳ ኑቲ ን150 ደቓይቕ እትጉበሮ ማእከላይ ምንቅስቓስ ክትክኦ ይኽእል። እዚ ኣብ ሓጺር ግዜ ቅልጡፍ ወጽኢት ዘምጽእ ብምኽኳ ተፈታዊ እዩ።

5. ዕለታዊ ምንቅስቓሳ- ከም መደያደባ (ኣየኩሉኣየክ) ምጥቃም ምጉዓዝ ወይ ሰራሕ ንዝ ዝኣመላሉ ቀላልቲ ንጥሪታት ምዝውታር፡ ንጠፍ ክትትወን ኣገዳሚ እዩ።

ካብ ባህርያት ሰባት

- ሓደ ሰብ ዝያዳ እሙንን ቅኑዕን ብዝኾኾ፡ ዝያዳ ምትላል የጋጥሞ።
- ኑብሰ ምትሓት ዘለዎም ሰባት ንኻልኦት ሰባት ምንቃፍ ይፈትዉ።
- ብኽያት ኣካላትና ኑቲ ዘጋጠሞ ቃንዛ ብቓላት ክዛረብ ምስ ዘይክእል ዘጋጥም እዩ።
- ሰባት ገንዘቦም ካብ ኣብ ኑብሰም ንላዕሊ. ኣብ ካልኣ ምስ ዘጥፍኡዎ፡ ዝያዳ ሓንሰ ይፈጥረሎም።
- ሕርቃን ባህርያዊ መከላኸሊ. ናይ ቃንዛና እዩ። ስለዚ "ይጸልኣካ እየ" ኩብል ከለኹ፡ "ትጎድኣኒ ኣለካ" ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ሓንሳል ዝ. ቃንዛ ክጸወሮ ኣይክእልን፡ ስለዚ. ዝ. ስምዒት ናብ ቃንዛ ይቕይሮ።
- ተመራመርቲ ሰነ ልቦና ከም ዝብልዎ፡ ሰባት ብባህሪና ኑቲ ዝግደሰልናን ዘድኣቕናን ነጺግና፡ ኑቲ ዘይግደሰልና ዝያዳ ኣቓልቦ ንህቦን ንግደስን።
- ሰባት ብዘዕባ ሓደ ኣጸቢቕም ዝፈልጥዎ ወይ ዝኽእልዎ ነገር ክዛረቡ ከለዉ. ዝያዳ ሱፋቲ ይኾኑ።
- ዋላ ብዘይትውን ነገር ሰቕ ኢሉም ዝሰሕቁ ሰባት፡ ኣብ ውሽጦም ብሕትውና ዘለዎም እዮም።
- ጨና ኣብ ስምዒት ኣዘዙ ዓቢ. ጽልዋ ኣለዎ። ደስ ዘይብል ጨና ቀልጢፉ ሕማቕ ስምዒት ክፈጥር ከሎ፡ ጥዑም ሽታ ወይ ጨና ድማ ደስ ዘብልን ሕገስ ስምዒትን ናይ ምፍጣር ክእለቱ ኣዘዙ ልዑል እዩ።

ጥቕስታት ሓጐስ

- ሕገስ ክትትወን እወታዊ ኣተሓሳሰባ ሒዙን ኣብ ምጽናፅ ምሕሪን ግዜኻ ምውጣንን ተጸመድ።
- ሕገስ ክትትወን ልዕሊ ከሉም ድምጽታት ወሸጦኻ ሶማዕ።
- ሕገስ ክትትወን ንጸላእትካ ሕድኦት ግበር።
- ኣብ ህደወት፡ ሰብ ንምፍቃርን ሕገስ ንምኳንን ኢድካ ክትዛብ ኣይግበኣኽ።
- ኣብ ዓለም እቲ ዝበጸ ስምዒት ሕገስ ምኳን እዩ።

ግንቢ ኣይፈል




ግንቢ 'ኣይፈል' ኣብ ሃገረ ፈረንሳ ዝርከብ ብሓጺን ዝተገጣጠመ ግንቢ እዩ። ህንጻ ናይቲ ግንቢ ኣብ 1887 ዓ.ም ጀሚሩ ድሕሪ ክልተ ዓመት ተዛዚሙ። ንውሓቱ 324 ሜተር (1063 ጫማ) ወይ ክንዲ 81 ደርቢ. ህንጻ ደብጽሕ። ኑቲ ግንቢ ካብ ዝሰደፈን ዝሃንጸን ትካል ኢንጅነር ገስተቭ ኣይፈል ዝተጠቐሰ እዩ 'ኣይፈል' ዝበሃል መስለዩ ሰም ተዋሂቡዎ።

ግንቢ ኣይፈል፡ ኣብ ኩቶማ ፓሪስ እቲ ዝሸወሐ ህንጻ ኩይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣቓወማኡ ሰለስቲ ደረጃታት ወይ ደርቢታት ዘጠቓለለ እዩ። እቲ ቀዳማይን ካልኣይን ደርቢ ኣገልግሎት ቤት-መግቢ. ንዘጹሑቲ ይህቡ። እቲ ዝለዓለ ደርቢ. ድሕሪ 276 ሜተር ዝርከብ ኩይኑ፡ ኩቦን ናብቦን እቲ ህንጻ ምንቅስቓስ ብመገዲ 'ሊፍት' ይኣየድ። ካብ ባይታ ክሳብ ቀዳማይ ደርቢ 300 ስጉሚ ደብጽሕ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ደርቢ. ዘሎ ርሕቀት እውን ተመሳሳሊ እዩ። ናብ ዝለዓለ ደርቢ. ዝወሰድ መደያደባ ዋላ እንተሃለዎ፡ በጺሑቲ ግን ብሊፍት ጥራይ ይገዛዙ።

እቲ ኣዘዙ ነዊሕ ግንቢ፡ ብዘተፈላለየ ቅርጽን ዓይነት ሓጺንን ዝተሃንጸ እዩ። ኩብደት ናይቲ ሓጺን ኣሰታት 10,000 ቶን ይምዘን። እቲ ብሓጺን ዝቐመ ግንቢ ምእንቲ ከይምርት ኣብ ነፍሲ- ወከፍ ሽውዓተ ዓመት ኣሰታት 50 ቶን ዝግመት ቀለም ወይ ሕብሪ ይልከቱ። ኑቲ ግንቢ ንምውቃብን ንኻልእ ኣገልግሎትን ዝዓለመ ኮብ. 20,000 ዙስላጭልጭ መብራህቲ ሓቑፉ ይርከቡ።

ግንቢ ኣይፈል ብቑጸሊ. ዓመታዊ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ በጺሑቲ የእንግድ። ንበጺሑቲ ክፉት ኮብ ዝኾነ ንድሓር፡ ኣሰታት 250 ሚልዮን ዑደተኛታት ከም ዘእንገደ ይፍለጥ። ንኣብነት፡ ኣብ 2015 ኣሰታት 6.91 ሚልዮን ህዝቢ. ናብ'ቲ ግንቢ. ሓኺሮም። ብተወሳኺ፡ እቲ መለለዩ ፈረንሳ ዝኾነ ግንቢ፡ ኩቶማ ፓሪስ ብቑጸሪ በጺሑቲ ኣብ ቅድሚት ንኽነብራዕ መሪሕ ተራ ኣለዎ።



ዓረራዊ ብከላ

ኢንጂ. ኣማን ተዛረ

ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባቢን

–

ዝሓለፈ 18 ክሳብ 24 ጥቅምቲ፡ ዓለማዊ ቀነ ዓረራዊ ብከላ'ዩ ነይሩ። እዚ ቀኒ ዓለማዊ ቀነ ምግታእ ዓረራዊ ብከላ ተባሂሉ ይፍለጥ። ናይ'ዚ ዓመት ቀነ ዓረራዊ ብከላ ኣከባቢ ንቃለሶ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ'ዩ ተባሂሉ። እዚ ቀነ መንግስታትን መደበራት ጥዕና፡ ኢንዱስትሪታትን ኮማትን ዝሳተፍኡ ቀነ'ዩ። ናይ'ዚ ዓመት ቀነ ዓረራዊ ብከላ ኣብ ሰለስተ ዛዕባታት ዘተኩረ'ዩ ነይሩ። ንቕሓት ህዝቢ ምብራኽ፡ ህጻናትን ኮማትን ኩብ ዓረራዊ ብከላ ምክልኻል ከምኡ'ውን ምውጋድ ዓረር ሓዘል ቀለምን ምንኪይ ዓረራዊ ብከላ ኣብ ኣከባቢን ዝብሉ'ዮም ነይሮም።

ምናልባት፡ ሓደገኛነት ዓረራዊ ብከላ ንኽንግንዝቦ ሰፍልጠታዊ መግለጺ ኣኻለ. ዘይክኸውን ይኽእል'ዩ። ዓረራዊ ብከላ ኩብ ዘሰጓገም ሓደጋታት ምውሳነ ግን፡ ሓደገኛነት ዓረራዊ ብከላ ኣብ ልዕሊ. ኮም ዝፈጥሮ ስግኣት ቀሊል ከም ዘይኩነ ክንግዝቦ ሓጋዚ. ይብቦሮ። ንኣብነት ኣብ ጥሪ 2014፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኩተማ ሚቺጋን ዘጋጠመ ክስተት ዓረራዊ ብከላ ምውሳነ ይከኣል። እዛ ኩተማ ኑቲ ዝሸየረ ምንጪ. ማይ ናብ ፍሊንት ዝሸሃል ውሓዚ. ቀየረቶ። ይኹን እምበር፡ እቲ መስርሕ ምጽራይ ማይ ኑቲ ኣብ መስመር ትቦ ከዕዕቦ ዘኽእል ናይ ምምራት ዓቕሚ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይነበረን። ብመንጽሩ፡ ድምር ናይ ዝኣረገ መስመራት ማይን ብግቡእ ዘይተጻረየ ማይን ዘሰዕቦ ዓረራዊ ብከላ፡ ኣብ ኩተማ ሚቺጋን ክሳብ ሕጂ መንግስቲ ኣመሪካ ንህዝቢ. ክክፈሎ ዘይደለ. መጠን ጥዕናዊ ጉድኣት ኣብ ኣሽሓት ህጻናትን ነፍሰጾራትን ኣውሪዱ። ብመሰረት ናይ 2023 ጸብጻት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና'ውን (WHO)፡ ኣብ ዓለም ኣሰታት 3.5 ሚልዮን ሞት ምስ ዓረራዊ ብከላ ዝተተሓሳሰረ'ዩ ነይሩ።

ዓረራዊ ብከላ፡ ዓለም-ለኻዊ ተርእዮን ብድሆን እዩ። እዚ ዓይነት ብከላ ዝዘዘሐ ግዜ ኣብ ዕደና፡ ዳግመ ምምስራሕ ባትሪ ኢንዱስትርያዊ ብከላን ትሑት ክትትል ኣኮባብያዊ ድሕነትን ዘለወን ሃገራት ይርኣ። በዚ መንጽር ባንግላደሽ፡ ህንዲ፡ ናይጀርያ፡ ፓኪስታን፡ ጋና፡ ሰኔጋል፡ ኢንዶነዥያን ቻይናን እተን ቀዳሞት ሸሞንተ ሃገራት ዝለዓለ ዓረራዊ ብከላ ዝረኣየለን ሃገራት ኩይነን ተመዝጊበን ይርከባ።

ዓረራዊ ብከላ፡ ሳሕቲ፡ ዓረራዊ መርዚ ተባሂሉ ይፍለጥ። ዓረራዊ ብከላ ኣዝዩ ሓደገኛ ጥዕናዊ ጉድኣት ዘወርድ ብከላ'ዩ። እዚ ዓይነት ብከላ፡ ብዓረር እዩ ዝሰዓቡ። ዓረር ሓደ ኩቡዕም ከበድቲ ዓይነት ብረት እዩ። እዚ ዓይነት ብረት ኣብ ኑሀሩና ኣትዩ ምስ ዝወሃለል ድማ ከቢድ ጥዕናዊ ጉድኣት የውርደልና። ከም ኩሉም ዓይነታት ብረት፡ ዓረር ብቦህሪ ኣብ መሬት ዝርከብ ማዕድን እዩ። ይኹንእምበር ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰባዊ ንጥፈት፡ ነዚ ማዕድን ኩብ ንዝር ቦትኡ ወጺኡ ናብ ኣከባቢ ከም ዝጽንበር/ዝሕወስ ይገብሩዎ። እዞም ንጥፈታት ከም ዕደና፡ ናይ ሕትመት ቴክኖሎጂ፡ ባተሪን ካልኦት ዓረር ዘለዎም ውጽኢታትን የጠቓልሉ።

ዓረራዊ ብከላ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ኣብ ኩሉ ዕድመ ንዝረኸቡ ሰብ ዝሰክል እዩ። ይኹን'ምበር፡ ንነፍሰጾራትን ቁልዑን ዝያዳ የጥቅዕ። ዓረራዊ ብከላ፡ ንሓንጎል፡ ኩሊት፡ ልቢን ካልኦት ህዋሳትን ዘጥቅዕ ብከላ'ዩ። እዚ ብከላ፡ ኩቡዕም ካልኦት ዓይነታት ብከላ ኣዘዩ ሓደገኛ ዝኾነ፡ ውሑስ ደረት-ተጻዋርነት ዝውክል ዓቕን ስለዘይብሉ'ዩ። ንኣብነት፡ ባዚቃዊ ብከላ ዝርኢ፡ ሓደ ሰብ ንልዕሊ. ፍርቂ ማይክሮግራም ባዚቃ ምስ ዝቃላዕ እዩ። እዚ. ማለት፡ ሓደ ሰብ ንፍርቂ ማይክሮግራም ባዚቃ ብዘይዝኾነ ይኹን ጥዕናኡን ኣካላውን ጉድኣት ክጸወሮ ይኽእል ማለት'ዩ። ስለ'ዚ. ደረት-ተጻዋርነት ኣካላት ሰብ ንዝዚቃዊ ብከላ፡ 0.5 ማይክሮግራም እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣምር ደረት ተጻዋርነት ንዓረራዊ ብከላ ኣይወክልን እዩ። ኣብ ዓረራዊ ብከላ ፍርቂ ሚ.ግራም ዓቅን ንሓደ ሰብ ቀታሊ ክኸውን ከሎ፡ ንኻልእ ሰብ ግን ንዳኢ. ጥራይ ክኸውን ይኽእል። ከም ውጽኢቱ፡ ዓረራዊ ብከላ ብዘይ ዝኾነ ርኡይ ምልክት ጥዕናዊ ጉድኣት ከወርደልና ይኽእል። ነዚ. ንምፍላጥ ድማ፡ መርመራ ደም እቲ እኽ፡ ዓረራዊ ብከላ ዘጽርን መስርሕ እዩ።

ጠንቂ ዓረራዊ ብከላ፡ ሰባት ብዓረር ዝተኸለ ኣየር ምስ ዘስተንፍሱ ወይ'ውን ብዓረር ዝተኸለ ማይን መግቦን ምስ ዝውሕጡ ዝመጽእ'ዩ። ምንጪ.ን ጠንቅን ዓረራዊ ብከላ ምፍላጥ ማለት፡ ዓረራዊ ብከላ ናይ ምውጋድ ተ'ኽእሎ ምዕባይ ማለት'ዩ። ምንጪ. ዓረር ዝኾኑ ጥሪ ነገራትን ኣኮባብን ቀንዲ ጠንቂ ዓረራዊ ብከላ እየ። ይኹን'ምበር፡ ኣምር ደረት ተጻዋርነት ንዓረራዊ ብከላ ኣይወክልን እዩ። ኣብ ዓረራዊ ብከላ ፍርቂ ሚ.ግራም ዓቅን ንሓደ ሰብ ቀታሊ ክኸውን ከሎ፡ ንኻልእ ሰብ ግን ንዳኢ. ጥራይ ክኸውን ይኽእል። ከም ውጽኢቱ፡ ዓረራዊ ብከላ ብዘይ ዝኾነ ርኡይ ምልክት ጥዕናዊ ጉድኣት ከወርደልና ይኽእል። ነዚ. ንምፍላጥ ድማ፡ መርመራ ደም እቲ እኽ፡ ዓረራዊ ብከላ ዘጽርን መስርሕ እዩ።

ዓረር ዘለዎ ሕብሪ/ቀለም፡ እዚ ዓይነት ሕብሪ ኣብ ንጥቀመሉ ግዜ፡ ኑቒጹ ኣብ ዝረግፈሉ ግዜ ብምስትንፋሰን ናብ ንሰትዮ ማይ ብምጽንባርን ዓረራዊ ብከላ ከስዕብ ይኽእል። እቲ ዝበኣሰ ሳዕቤን ናይ ዓረር ዘለዎ ሕብሪ ግን፡ ኣብ ራህዲ ዘለዎ ኣኮባብ. ምስ ንጥቀመሉ'ዩ። ምንጪ.ን። ኣብ ራህዲ ዘለዎ ኣኮባብ. ዝበኣሱ ታህዋሲያን ከም ዕሰን ፋንገስን፡ ነፍሶም ብዓረር ካብ ምምራዝ ከድሕኑ ክብሉ፡ ናብ ኣየር ይተፍእዎ'ሞ ኣብ ግዜ ምስትንፋስ ክንምረዝ ንኽእል። እዚ. ክስተት ኣብ ኣህጉር ኤሽያ ንብዙሓት ቁልዑ ኣብ ግዜ ድቃሶም ዝቐዝፈ'ዩ።

ትሕዝቶ ዓረር ዘለዎም ትብታት ማይ፡ ኣብ ንሰትዮ ማይ ዓረራዊ ብከላ ማይ የስዕቡ እዮም። ኣብ ንጥፈታት ዕደና፡ ዝፍጠር ደርኖ፡ ኤለክትሮኒካዊ ንብረት፡ ባተሪ መኪና ወይ ባተሪ ጸሓይዊ ጸዓት። ብግቡእ ምስ ዘይውገን'ውን ዓረራዊ ብከላ ኣየር፡ ማይን ሓመድን ብምስዓብ ኣብ ግለ ካብዮም ቀንዲ ምንጪ. ዓረር እዮም። ብሓፈሻ እዮም መሰረታውያን ዝተኸለ መግቢ፡ ዓረር ሓዘል መዐሸጊ መግቢን መዳለዊ መግቢኹ ካብ ትካላት ዝምንጪ፡ ዓረርን ኣብ ግዜ ምፍራይን ምህርቲ ምሕፋብን ገለ ካብዮም ኣብ መግቢ. ዓረራዊ ብከላ ዘርኦቱሉ ምንጭታት እዮም።



ጠንቂ ዓረራዊ ብከላ፡ ዓረር ሓዘል ዝኾኑ ጥረ ነገራትን ኣኮባብን እዮም። እዮም ቀንዲ ጠንቅታት ዓረራዊ ብከላ ዝዀነ ዝሰዕቡ የጠቓልሉ።

ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ፡ ብመንጽር ጸታን ዕድመን ዝተፈላለዩ እዮም። ይኹን'ምበር ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመን ጾታን ዝርከቡ ዜጋታት፡ ኑዮም ክልተ ጽሕፍቶ ዓረራዊ ብከላ ዝተቓልዑ እዮም። ንኡዮም ድማ፡ ነባሪ ጥዕናዊ ጉድኣትን፡ ግዘያዊ ጥዕናዊ ጉድኣትን የጠቓልሉ። ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ምፍላጥ ማለት፡ ህላው ዓረራዊ ብከላ ምፍላጥ ማለት'ዩ። ስለዝኾኑ፡ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ብመንጽር ደረጃ ዕድመን ጾታን ፈላሊኻ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ህጻናት፡ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ዝበኣሱን ዝበዝሑን እዮም። ናይ ሓንጎል ማህሰይትን ዝሕቱል ምዕባለ ሓንጎልን እቲ ዝበኣሰ ሳዕቤን'ዩ። ብመንጽሩ፡ እዮም ንሓደ ህጻን ኣብ ዝተፈላለዩ ዕድመ ዝህልዉ ዕቤታት ዝጸልዉ ሳዕቤናት ዝህልዎም። ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝተኸቡ፡ ኣብ ምርዳእን ትምህርቲ ናይ ምትኣታል ዓቕሙ ዘገድሱ ቅሻረታት ከም ብልሂ፡ ዝኽረት፡ ኣደህዋን ምስማዕን ይጎድሉ። ኣብዚ. ሓሊፉ'ውን ዝሕቱል ኣካላዊ ምዕባለን ዕብየትን፡ ናይ ኩሊትን ደምን ጸገማት የስዕቦሎም። ብመሰረት ናይ 2020 ጸብጻት ዩኒሰፍ (UNICEF)፡ ብደረጃ ዓለም ኣሰታት ሸሞንተ ሚእቲ ሚልዮን ቁልዑ፡ ኣብ ክሊ. ዕድመ 0-19 ዓመት ዝርከቡ፡ ኣብ ሓንቲ ንጣብ ደም ናይ 5 ማይክሮግራም ዓረር ተረኺቦም። እዚ. ማለት ሓደ ኩብ ሰለስተ ቁልዑ፡ ኣብ 5 ሊትሮ ደም፡ ርብዒ ኪሎግራም ዓረር ተረኺቡዎ ማለት'ዩ። ኣብዚ. ጸብጸብ ዓረራዊ ብከላ ህጻናት፡ ተርታ ሓዘን ዝርከብ 17 ሃገራት እዮም። ህንዲ ኣሰታት 193 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ሓዛ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከቡ። ኣሰታት 7.5 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ኮባኡ ኣብ ምርዳእን ትምህርቲ፡ ናይ ምትኣታል ዓቕሙ ዘገድሱ ቅሻረታት ከም ብልሂ፡ ዝኽረት፡ ኣደህዋን ምስማዕን ይጎድሉ። ኩብዚ. ሓሊፉ'ውን ዝሕቱል ኣካላዊ ምዕባለን ዕብየትን፡ ናይ ኩሊትን ደምን ጸገማት የስዕቦሎም። ብመሰረት ናይ 2020 ጸብጸብ ዩኒሰፍ (UNICEF)፡ ብደረጃ ዓለም ኣሰታት ሸሞንተ ሚእቲ ሚልዮን ቁልዑ፡ ኣብ ክሊ. ዕድመ 0-19 ዓመት ዝርከቡ፡ ኣብ ሓንቲ ንጣብ ደም ናይ 5 ማይክሮግራም ዓረር ተረኺቡ። እዚ. ማለት ሓደ ኩብ ሰለስተ ቁልዑ፡ ኣብ 5 ሊትሮ ደም፡ ርብዒ ኪሎግራም ዓረር ተረኺቡዎ ማለት'ዩ። ኣብዚ. ጸብጸብ ዓረራዊ ብከላ ህጻናት፡ ተርታ ሓዘን ዝርከብ 17 ሃገራት እዮም። ህንዲ ኣሰታት 193 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ሓዛ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከቡ። ኣሰታት 7.5 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ኮባኡ ኣብ ምርዳእን ትምህርቲ፡ ናይ ምትኣታል ዓቕሙ ዘገድሱ ቅሻረታት ከም ብልሂ፡ ዝኽረት፡ ኣደህዋን ምስማዕን ይጎድሉ። ኩብዚ. ሓሊፉ'ውን ዝሕቱል ኣካላዊ ምዕባለን ዕብየትን፡ ናይ ኩሊትን ደምን ጸገማት የስዕቦሎም። ብመሰረት ናይ 2020 ጸብጸብ ዩኒሰፍ (UNICEF)፡ ብደረጃ ዓለም ኣሰታት ሸሞንተ ሚእቲ ሚልዮን ቁልዑ፡ ኣብ ክሊ. ዕድመ 0-19 ዓመት ዝርከቡ፡ ኣብ ሓንቲ ንጣብ ደም ናይ 5 ማይክሮግራም ዓረር ተረኺቡ። እዚ. ማለት ሓደ ኩብ ሰለስተ ቁልዑ፡ ኣብ 5 ሊትሮ ደም፡ ርብዒ ኪሎግራም ዓረር ተረኺቡዎ ማለት'ዩ። ኣብዚ. ጸብጸብ ዓረራዊ ብከላ ህጻናት፡ ተርታ ሓዘን ዝርከብ 17 ሃገራት እዮም። ህንዲ ኣሰታት 193 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ሓዛ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከቡ። ኣሰታት 7.5 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት



ዝተኸለ መግቢ፡ ዓረር ሓዘል መዐሸጊ መግቢን መዳለዊ መግቢኹ ካብ ትካላት ዝምንጪ፡ ዓረርን ኣብ ግዜ ምፍራይን ምህርቲ ምሕፋብን ገለ ካብዮም ኣብ መግቢ. ዓረራዊ ብከላ ዘርኦቱሉ ምንጭታት እዮም።

ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ፡ ብመንጽር ጸታን ዕድመን ዝተፈላለዩ እዮም። ይኹን'ምበር ኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመን ጾታን ዝርከቡ ዜጋታት፡ ኑዮም ክልተ ጽሕፍቶ ዓረራዊ ብከላ ዝተቓልዑ እዮም። ንኡዮም ድማ፡ ነባሪ ጥዕናዊ ጉድኣትን፡ ግዘያዊ ጥዕናዊ ጉድኣትን የጠቓልሉ። ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ምፍላጥ ማለት፡ ህላው ዓረራዊ ብከላ ምፍላጥ ማለት'ዩ። ስለዝኾኑ፡ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ብመንጽር ደረጃ ዕድመን ጾታን ፈላሊኻ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ህጻናት፡ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ዝበኣሱን ዝበዝሑን እዮም። ናይ ሓንጎል ማህሰይትን ዝሕቱል ምዕባለ ሓንጎልን እቲ ዝበኣሰ ሳዕቤን'ዩ። ብመንጽሩ፡ እዮም ንሓደ ህጻን ኣብ ዝተፈላለዩ ዕድመ ዝህልዎም ዕቤታት ዝጸልዉ ሳዕቤናት ዝህልዎም። ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝተኸቡ፡ ኣብ ምርዳእን ትምህርቲ፡ ናይ ምትኣታል ዓቕሙ ዘገድሱ ቅሻረታት ከም ብልሂ፡ ዝኽረት፡ ኣደህዋን ምስማዕን ይጎድሉ። ኩብዚ. ሓሊፉ'ውን ዝሕቱል ኣካላዊ ምዕባለን ዕብየትን፡ ናይ ኩሊትን ደምን ጸገማት የስዕቦሎም። ብመሰረት ናይ 2020 ጸብጸብ ዩኒሰፍ (UNICEF)፡ ብደረጃ ዓለም ኣሰታት ሸሞንተ ሚእቲ ሚልዮን ቁልዑ፡ ኣብ ክሊ. ዕድመ 0-19 ዓመት ዝርከቡ፡ ኣብ ሓንቲ ንጣብ ደም ናይ 5 ማይክሮግራም ዓረር ተረኺቡ። እዚ. ማለት ሓደ ኩብ ሰለስተ ቁልዑ፡ ኣብ 5 ሊትሮ ደም፡ ርብዒ ኪሎግራም ዓረር ተረኺቡዎ ማለት'ዩ። ኣብዚ. ጸብጸብ ዓረራዊ ብከላ ህጻናት፡ ተርታ ሓዘን ዝርከብ 17 ሃገራት እዮም። ህንዲ ኣሰታት 193 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ሓዛ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከቡ። ኣሰታት 7.5 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ኮባኡ ኣብ ምርዳእን ትምህርቲ፡ ናይ ምትኣታል ዓቕሙ ዘገድሱ ቅሻረታት ከም ብልሂ፡ ዝኽረት፡ ኣደህዋን ምስማዕን ይጎድሉ። ኩብዚ. ሓሊፉ'ውን ዝሕቱል ኣካላዊ ምዕባለን ዕብየትን፡ ናይ ኩሊትን ደምን ጸገማት የስዕቦሎም። ብመሰረት ናይ 2020 ጸብጸብ ዩኒሰፍ (UNICEF)፡ ብደረጃ ዓለም ኣሰታት ሸሞንተ ሚእቲ ሚልዮን ቁልዑ፡ ኣብ ክሊ. ዕድመ 0-19 ዓመት ዝርከቡ፡ ኣብ ሓንቲ ንጣብ ደም ናይ 5 ማይክሮግራም ዓረር ተረኺቡ። እዚ. ማለት ሓደ ኩብ ሰለስተ ቁልዑ፡ ኣብ 5 ሊትሮ ደም፡ ርብዒ ኪሎግራም ዓረር ተረኺቡዎ ማለት'ዩ። ኣብዚ. ጸብጸብ ዓረራዊ ብከላ ህጻናት፡ ተርታ ሓዘን ዝርከብ 17 ሃገራት እዮም። ህንዲ ኣሰታት 193 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት ሓዛ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትርከቡ። ኣሰታት 7.5 ሚልዮን ግዳይ ዓረራዊ ብከላ ዝኾኑ ህጻናት

ሐዛ ድማ ኢትዮጵያ ኣብ 17 ተርታ ትርከብ።


ኣብ ሓደ እኽል ሱቡ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ዝያዳ ምስ ኣካላዊ ጥዕና ዝተሓሓዝ'ዩ። ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ኩሊት፡ ድኻም ልቢ፡ መኻንንትን ናይ ወሊድ ጸገምን ገለ ካብዮም ዝበኣሱ ጥዕናኣዊ ጉድኣት እየ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ መትኒ ብዝወርዶም ጸገም'ውን፡ ድኹም ኣቓልቦ፡ ሕማም ረሲኦን መንድዓትን የስዕብ'ዩ።

ኣብ ነፍሰጾራት፡ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ምስ'ቲ ኣብ ናጽላ ዘወርዶ ጉድኣት ዝተሓሓዘ እዩ። ምኽንያቱ፡ ዓረር መዳሕንቲ ሓሊፉ ናብ ናይ ናጽላታት ደም ናይ ምጽንባር ባህሪ ስለዘለዎ፡ ከም ውጽኢቱ፡ ናይ ምንጻልን ጥንሰን ሞት ናጽላታት'ውን የስዕቡ፡ ናጽላታት እንተ ተወልዱ'ውን ትሕቲ ሚዛን ይኹኑን፡ ኣብ ዘይግዜኡም ይወለዱን። እቲ ኩሉ ኣብ ህጻናት ዝርኢ ሳዕቤናት ዓረራዊ ብከላ ድማ ኣብ ግዜ ዕበዮም ይርኢ።

ጸታን ዕድመን ብዘየገድስ፡ ሓደ ሰብ ንኣዝዩ ልዑል ዓቕን ዓረር ምስ ዝቃላዕ ግን፡ ምንፍርፋርን ዕግርግርን ብምርኣይ ክሳብ ቅጽበታዊ ሞት ኩብጽሕ ይኽእል። ካብ ሞት እንተደሓነ'ውን ኦሪ ናይ ሓንጎል ሚህሰይቲ ይወርደ።

ይኹን'ምበር ዓረራዊ ብከላ ብቐሊሉ ክንዝለ'ኽሎ ንኽእል ዓይነት ብከላ'ዩ። እዞም ሚላታት ምግታእ ዓረራዊ ብከላ፡ ብውልቀን ትካልን ዝኾዱ ሚላታት እዮም። እዮም ብትካል/ብኩም ክግበሩ ዝግበኦም ሚላታት ምውጋድ ዓረራዊ ብከላ፡ ውሑስ ኣወጋግና ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑን ባተርን፡ ጽሬት ኣኮባብ፡ ደረጃ ብቐዳት ትካላት ምርግጋጽ፡ ድሕነት ኣኮባብ. ምሕላው፡ ንቕሓት ህዝቢ. ምዕባይን እዮም። እቲ ዝለዓለ ትካላት ክንክተልኦ ዘለወን ሚላ ግን፡ ዓረር ኣብ ምንጪ፡ ከሎ፡ ቅድሚ ናብ ኩም ዝርከቦ ቦታ ወይ ኣኮባብ. ምዝርግሑ ብግቡእ ምውጋን'ዩ።

ምኽንያት ኩብ ፍውሳ ይብልጽ። ስለ'ዚ፡ ብዘተናኽእለ መጠን ውልቀሰባት፡ ዓረር ሓዘል ጥረነገር ከወግዱ ይግባእ። እዚ. እንተዘይተናኺሉ ግን ኣእዳውካ ብግቡእ ምሕጽቡ ማሰኬራን በጃ ኣድን ምጥቃም፡ እኽል ርውሓት ምቕራብ እዮም መሰረታውያን ብውልቂ ክኾዱ ዘለዎም ንጥፈታት እዮም። ምስ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታትን ሚሮሶን ካልእን ዝርከቦ ኮባ. ንዝሰርሑ። ኣብ ናይ ዕደና ቦታታት ዝሰርሑ ሰባት ኣእዳውካ ብግቡእ ምሕጽቡ ንንኑን ማሰኬራን ምጥቃም እቲ መሰረታዊ ፍታሕ እዩ። ጽሬት እቲ ዝበለጸ መመላኽሲ. ሕማም'ዩ። መግቢ. ቅድሚ ምድላዉ. ብግቡእ ምሕጽብ ኣብ ምውጋድ ዓረራዊ ብከላ ውሳኒ ተራ ኣለዎ። ጽሬት እቲ ዝበለጸ መመላኽሲ ስለዝኾነ'ውን፡ መመላኽሲ. ጥረነገር ኩብ ምጥቃም ምቁጣብ ዝበለጸ ሚላ ኣብ ምውጋድ ዓረራዊ ብከላ እዩ።



ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ. ሚ/ዜና



ኣብ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ሓለፊ ክፍሊ. ህዝባዊ ምምሕዳርን ተጋዳላይ ስቡሓት ኤፍሬም ኣብ መጽኢ ንህዝቢ. ሶሚናር እናቐደደ

ኣብ ገዛእ.ሰፈ. ሕታምት ካብዞም 11 ክፍሊታት ህዝባዊ ግንባር፡ 5 ክፍሊታት ማለት ክፍሊ. ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ. ቀነጠቡ ክፍሊ. ሓለዋ ጥዕና፡ ክፍሊ. ሃገራዊ መርሓ፡ ክፍሊ. ማሕበራዊ ጕዳያት ርኢና ነይርና። ኣብዚ. ናይ ለሚ ሕታምና ድማ፡ ክፍሊ. ዝምድናታት ወጻኢ. ክንርኢ. ኢና።

መግቢል 14 ክፍሊ

6. ክፍሊ. ዝምድናታት ወጻኢ.

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ኒቲ ዙይዶ ዝሰረ ፍትሓዊ ቃልሲ. ንጸለም ንምፍላጥን ካብ ዝተፈላለያ መንግስታትን ውድባትን ሓገዝ ንምርካብን ኒቲ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ብሰንኪ. መዋጹኢ ፋሕ ዝበለ ህዝቢ. ኤርትራ ዝመድበሉ ጨናፍርን ኣብይተ ጽሕፈታትን ብምኽፋት፡ ጸርጋ ኣብ መላእ ዓለም ዝሰረ ህዝቢ. ኤርትራ ተወዲቡ ንሰውራኡን ህዝቡን ብፖዋታውን ገንዘባውን ክሕግዙ ጸዊሩ እዩ።

ነዚ መርኢያ ናይቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝሃነር ዝሰረ ውፃእታት ድማ፡ ህዝቡና ቡቲ፡ ነዚ ውፃእታትን ንጥፈታትን ዝሰረ በቲ ጽሕፈታት ዝምድናታት ወጻኢ. ዝወሃበ ዝሰረ መደባትን መምርሒታትን ተመርኩሱ፡ ኣብ ዝሰለወ ይሃሉ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛኢቲ ሰላማዊ ሰልፍታት እናወደቡ ኩሉ ድሕሪ ሃገር ብምግል ካብቲ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ሃገራት ኩይኑ ዘጠራቕሞ ዝሰረ ገንዘብ ናብ ሜዳ እናሰደደ ዓቕሚ ሰውራኡ ክድርጀን ከሰልብዎን ክኣሉ እዩ። ነዚ. ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም ዝቑደድ ዘሎ ተሳትፎ. ሓፋሽ ህዝቢ. ንሃገራዊ ጕዳዩ ሸው ዝደመረ'ዩ። ሸው እዋን ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ቡሀጂሞኑ ናብ ወጻኢ. ብምኻድ ንህዝቡና ብዘዕባ ህሉው ወተሃደራዊን ቃልሲ፡ ጉዳይ ህዝቢ. ኤርትራን ምዕባለታት ሰውራኡን ምስ ዓለም ንምፍላጥ፡ ፖለቲኣውን ካልኣን ደገኣት ንምርካቡ ኣዕሩኽ ንምጥራይ፡ ኣብ መዳይ ዲፕሎማሲ'ውን ብዙሕ ጻዕርታት የካይድ ነይሩ እዩ።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሕብረት ሶቬትን ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ኣብ ምትሕልላኽ ታሪኻዊ ቦይል ነም ዝሬጸማ ርዱእ ኩይኑ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ፍትሓዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ዝሰረን መርጃ. ክቕይራ ደጋጊሙ ኣየዕረፈን። ምስ ዝተፈላለያ ሃገራት ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምምዕባል'ውን ደጽዕር ነይሩ።

ብሰንኪ. ኩናትን ደርቅን ህዝቢ. ኤርትራ ዘጋጥሞ ዝሰረ ሰቡዊ ቅልውላው፡ ኣቓልቦ ማሕብረሰብ ዓለም ንኽረክብ ዙይዶ ዝሰረ ጻዕሪ፡ ካብቲ ደሓን ፍረ ዝተረኽቦ ንጥፈታት እዩ። ጕዳይ ኤርትራ ሰላማዊ ፍታሕ ክረኽበሉ ዝጽውዕ ደምጽታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፍሐ ክኸይድ ምኽኣሉ ናይ ዘይመንግስታውያን ውድባት፡ ማሕበራት ረድኤት ናይ ኤርትራ ናይ ደገኹ ሽማግለታት፡ ጋዜጠኛታት፡ ወኸልቲ ሰልፍታትን መንግስታትን ተደናገጹቲ ውልቀ ሰባት፡ ወዘተ ፖለቲኣዊ ደገኹ ክረኽብ ምብጽሑ፡ ወጽኢት ናይቲ ዝቑደድ ዝሰረ ዲፕሎማሲኦዊ ስራሕ እዩ ነይሩ።



ንጥፈታዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ዝደግፉ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኢጣልያ



ኣብ ሱዳን ዝቑደድ ዝሰረ ኣኼባታት ህዝቢ.

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይዚ ክፍሊ.'ዚ. መጀመርታ ኣብ ቢሮታት፡ ጸሊሑ ኣብ ፓሪስ እዩ ነይሩ። ድሕሪ ጻወዲቱ ካብ ምቕራብ ኣይተቐጠበን። ኣብ ውድብ ሕብረት ሃገራትን ካልኦት ዞባውን ኣህጉራውን ውድባትን ምትኽኻቦኣትን እውን መዝሪታ፡ ጥርዓናትን ጻወዳታትን ካብ ምቕራብ ኣፍሪቃ ዝተረኽቡ ንጥፈታት እዩ።



ውፃእታት ተመሊሶን መንእሰያትን ኤርትራ

ኣብ 1987 ግን ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ሜዳ ነም ዝኾነውን ተገብረ። ኣብ ኩዕማታት ሱዳን ነም'ኡ'ውን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዓብጺ፡ ሊብየ፡ ኣልጀርያ፡ ሊቦኖስ፡ ሶርያ፡ ዒራቕ፡ ሰውዲ፡ ኢማራት፡ ኩወይት፡ .... ኣብ ኣመሪካ ኣብ ኢጣልያ፡ ፊረንሳ፡ ጀርመን፡ ሽወደንን ብራጣንያ፡ ኣብ ሶሜን ኣመሪካን ኣውስትራልያን ከኡ፡ ወኸልቲ ኣብይተ ጽሕፈት ከፊቱ ይነጥፍ ነይሩ። ናይ ኣብላይት መራኸቢታት ዀነ ኣብ ብዙሕ ነጥብታት ዓለም ከይተዘርገሐ እኽሊ። ኣብ 1987 ኣብ ሜዳ ተኣታትዎ ምስ ወጸ ንምርኻብ የገልግል ነም ዝሰረ ደሞ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይግበኡ እዩ።

ብዘይካ'ዚ. ህዝባዊ ግንባር፡ ምስ ዝተፈላለዩ ኣንጻር ሶርዓት ደርግ ዝቃለሱ ዝሰረ፡ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ንጹር ኣረኣእያ ዝተመርኰሱ ንሓዋሩ ኣብ ዞባና ሰላምን ምትሕግጋዝን ዝሰፈኖ ሃኪህው ንምፍጣር ዝዕላማኡ፡ ዕወት ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ክፈጥር ቐቒው እዩ። ካብዚ. ብዘይፍለ ምስ ህዝቦን መንግስታትን ሱዳን'ውን ሃናጺን ንሓዋሩ ሰላም ናይ ዞባ ዝሕግዘን ዝምድናታት ንምምዕባል ወጽኢታዊ ሰራሕ ኣቒው እዩ። ብሓፊሸኡ፡ ኣብ ቀርኒኣፍሪቃ ዝሰረ ኮነታት ንምፍታሕ ምስ ብዙሓት ሃገራት ናይዚ ዞባ ዝምድናታት ንምዕባይ ሰራሕ እዩ። ኣብ ማእከላይ ምብራቕ'ውን ብዘመሳሰለ።

ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

ብጻያዊ ሓልዮት



እዞም ኣብ ስእሊ እንርእየዎም ዘሎና ሰለስተ ተጋደልቲ ሓሓንቲ ኢያ ዝዝርመሩዮም። እንተኾነ እቲ ብጹሮ ሓልዮትዮም ዝነዳ ኣብቲ ናይ ጸዝሞም እዋን ይንልሕ። እዮም ክልተ ኑቲ ሳልሳዮም ቡዙን ጥዑያት ኣጂዶምም ገይሮም እናተሓጎዝ። ኑቲ ሳልሳይ ብጽዮም ጸጉሩ ይሓጽበን ብመሳሾዎ ገይሮምዮ። ኣብ ጸጉሩ ዘሎ ቁማልን ጭብን የልግሽኩ ኣለዉ።

እዘ. ደማ እዩ እቲ ብጹሮ ሓልዮት ተጋደልቲ ኣብ ግዜ ገድሊ። ስለ ነም'ዚ. ገይርና ብጽናና ዝሓቡሓበና ኢና ዝዛዉትና። ሓንቲ ስእሊ. ክንዲ ሸኔ ቃላት ስለ ዝዝለል ድማ እታ ስእሊ. ልዕሊ. እዞን ተገለጸን ዘለዋ 80 ቃላት ክትገልጾልና ትኽእል እዩ።

ካብ ሕቶታት ታሪኽ ሰውራና

1. ተሓኤ መሬት ኤርትራ ልዕሊ. ሓደ ውድብ ክጽውር ኣይክእልን'ዩ ዝበሉትሉ ጉባኤ መዓስ ነይሩ፧
ሀ/ 1971 ለ/1972 ሐ/ 1973

2. ራብዓይ ወራር ዝጀመረሉ ወርሒ መዓስ ነይሩ፧
ሀ/መጋቢት 1979 ለ/ሚያዝያ 1979 ሐ/ግንቦት 1979

3. ተሓኤ ካብ ግንባር ሶሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘንሰሓበላ ዓመት ጥቐሰ፧
ሀ/1979 ለ/1980 ሐ/1981

4. ቀዳማይ ሓርነት ኣፍዓበት መዓስ ነይሩ፧
ሀ/ 6 ሚያዝያ 1977 ለ/6 ግንቦት 1977 ሐ/6ሓምለ 1977

5. ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ዝተቐረጸትላ ዕለትን ዓመትን፧
ሀ/ 11 መሳቕሪም 1952 ለ/ 12 መሳቕሪም 1952 ሐ/ 13 መሳቕሪም 1952

6. ህ.ግ.ሓኤ. ናብ ህግደፍ ዝተቐየረሉ ጉባኤ መባል ክንደይ'ዩ፧
ሀ/ 1ይ ጉባኤ ለ/ 2ይ ጉባኤ ሐ/ 3ይ ጉባኤ

ፍትሒ

ናድነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት ሞለስ

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሜሎት መቛሃን ኣረፋይነ ምባል ተሪፉ፡ ሜሎት መቛሃን ኣለና ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ቀደሓ ባሕርና ምሕረትኣብ ክብርም ምባል ተሪፉ፡ ባሕርና ምሕረትኣብ ክብርም ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ፍረወደኒ ወልዱ ምባል ተሪፉ ሳምራዊት ወልዱ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

መቕት መሓሪ ዓንደ ምባል ተሪፉ፡ መቕት መሓሪ ዓንደማርያም ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ናትናኤል የናስ ንብረኣማኑ፡ በይልቲ፡ ቤተይ ሳምራዊት ተኽለኣብ ኣሰበኖም ሰለ ዝጸረፈት ገይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወሊይ፡ 1 ወድና ከኣ ወረሰ ምኻኑ ደረጋጊሉ፡ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን03/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መንይፈረ

ወ/ሮ መቕረት ሰለሙን ኣረፋይነ ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሃት ሰለሙን ኣረፋይነ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኮሳ. ወ/ሮ ሰምሰም ንብረከሩን ዐቕባዩ፡ ተኽሳ. ኣቶ ምስኡብርሃን ጠዐመ ገዘሀይ ናይ ሓዊር ክሳ. ተመሳሪከልካ ሰለ ዘሎ፡ ብሉኽል ወይ ብኪጋዊ ወከል ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡ እንዘሀይቀራበካ ጉዳይካ ኣብ ዘጸለግኩ ክረኣ ምኻኑ ንኡብር፡፡

ወ/ሮ መብርሂት በርሀ ተድኣ፡ በይል ቤተይ በርሀ ንብሩ ደሱ ሰለ ዝጸረፈ ኣብ ዝኽቀቑስ ይኹን ዘይንቀቑስ ንብረቱ ገይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወሊይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረሰ ምኻኑ ደረጋጊሉም ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሸሸይቲ

ቀሳት ወልደንብርኤል ምሕረትኣብ ኣቦ ደቀይ መርሃዊ ሰዩም ኣብረሃም ሰለ ዝጸረፈ፡ 4+ ደቁ ወረሰቲ ምኻኖም ደረጋጊሉም ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ መቐርካ

ርግበ ሰረቐ ንብረርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ፍዮሪ ሰረቐ ንብረርግሽ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ፍህዖ ንብረሰላሴ ባህታ፡ ኣደይ ምሕረት ህበክብዝ ሪኣሲ ምባል ተሪፉ፡ ምሕረት ህበክብዝ ንብረእግዘሀር ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሰምሰም ምሳሽ ዑቕባሚኻኤል ምባል ተሪፉ፡ ሰምሰም ምሳሽ ሃብተጺን ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሓል-ሓል

ፋጥና ኢብራሂም ዐመር ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ኢብራሂም ጀምዕ ዐመር ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ጸሮና

ሳብ ኣብርሃ ዘርኣዘረ ተኽሳ. ኣቶ ተኸፉ ጠዐመ ናይ ሓዊር ክሳ. ተመሳሪከልካ ሰለ ዘሎ ብሉኽል ወይ ብኪጋዊ ወከል ን08/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ኣፍዓበት

እድረስ ሓምድ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ እድረስ ሓምድሰዒድ መዲን ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ጊንዳዕ

ሳልሕ ጀጅ መሐምድ ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ ሐጂ መሐምድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ኣመነጸየን ኣበርሃ ደበኔ በይል ቤተይ ንብረሂወት ኣበርሃም ሰለ ዝዘነወኣ ኣብ ዝኽቀቑስ ይኹን ዘይንቀቑስ ንብረቱ ገይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወሊይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረሰቲ ምኻኖም ደረጋጊሉምይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ከረን

ኣፍረሓ ሐምድ ሚሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ኣፍረሓ መሐምድ ሚሕሙድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሐምድ ዐመር ታጀዲን ምባል ተሪፉ፡ ዐመር ታጀዲን ዓበይልረሰል ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

መሓመድ ጀምዕ ሚሕመድ ምባል ተሪፉ፡ መሐመድጀምዕ ኢብራሂም ሚሕሙድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን07/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣብርሃን ኒታባይ ወልደያወሃንኡ ሰም ኣደይ ኣለን ሕድሩ ኢንወሓ ምባል ተሪፉ፡ ተመርሃ ሃደስሚኻኤል ሓጅ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ዛህራ መ/ድህዕድ መሐመድ፡ ሰም ኣደይ ሰነና ሚሕጅብ ሸኽማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ኣምና ሚሕጅብ ሸኽማሕሙድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሰሌማን ሓምድ ቈሩም ምባል ተሪፉ፡ ሰሌማን ኣሕመድ ሰሌማን ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ኣቶ መደኅኔ ተኽሉይ ወ/ሚኻኤል፡ በይልቲ፡ ቤተይ የርሃልም ሞኻ ንብረከርስቶስ ሰለ ዝጸረፈት ገይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወሊይ 6 ደቅና ከኣ ወረሰቲ ምኻኖም ደረጋጊሉም ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ሚከኤል ሐጅ ኣርኒድ፡ ምባል ተሪፉ፡ ሚከኤል ሐጂ ኣርኒድ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን07/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ት/ዕድመ ረምዚ ዓበይልሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ሰሌማን ዓቡዱ ዓል. ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ ዐመር እድረስ ኢብራሂም በይልቲ፡ ቤተይ ተጋዳሊት ፋጥና መሐመድ እድረስ ዓል. ሰለ ዝተሰወኡት ገይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወሊይ 3 ደቅና ከኣ ወረሰቲ ምኻኖም ደረጋጊሉይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን09/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ክረር መሐመድ ኑር ምባል ተሪፉ፡ ክረር መሐመድኑር ዐሶማን ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ጺጋ ኣብርሃም ሃብተጺዲ፡ ሰም ኣደይ ትብርህ ተኽለሚኻኤል ተሰፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ለተሃይምኖት ንብርክርስቶስ መሓሪ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሉቱ ፍህዖ ተወልደ፡ ሰም ወላዲተይ ወ/ሮ ሉተኽኤል ኮረሪ ተምካ ምባል ተሪፉ ወደዘር ኮረሪ ተምካ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓሰብ

ሐሉ ሸፉ ኢጋሕለ ምባል ተሪፉ፡ ሓሎ ሸፉ ኢጋሕለ ተዛዚሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ምሕረት ኢሶቐ ብርሃ፡ በይል ቤተይ ደሳለ ተኽለ ኣሹበር ሰለ ዝጸረፈ ገይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወሊይ 1 ወድና ከኣ ወረሰ ምኻኑ ደረጋጊሉይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

በይልቲ፡ ቤቱ ሁዳ መሐመድ ዓል፡ በይል ቤተይ ሰለ ዝጸረፈ ዓዋደ መሐመድ ሓይዳር ገሉ 3 ጃብር መሐመድ ሓይዳር ወዱ 4 ናስም መሐመድ ዓል. ወዱ 5 ሓይዳር መሐመድ ዓል. ወዲ 6 ወ/ሮ ዓዋዳ ኣሕመድ ወላዲት ኣዲኡ ወረሰቲ ምኻኖም ደረጋጊሉይ ሰለ ዝበሎት ዝቓወም እንተሎ፡ ን30 መዓልቲ ይቕረቡ፡

ን3ይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መሸጢ ገፍሮ በርበረ ንኡኡዳሪት ቤት ትምህርቲ ሸዝኒት ማይ-ሓባር ኣርእስቲ ወዕል- ወዕል ዓመታዊ ቀረብ መሸጢ

ኣገባብ ወዕል- ክፍት ጨረታ (ሃገራዊ)

ኣኡኡዳሪት ቤት ትምህርቲ ሸዝኒት ማይ-ሓባር ንዓመት ትምህርቲ 2027 ዝወዕል ቀረብ ገፍሮ በርበረ ኮሞቨርት ሰለ ዝደለየ ንሕንወውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ኣኡኡዳሪት ቤት ትምህርቲ ሸዝኒት ማይ-ሓባር ንሕንወውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መሸጢ (ገፍሮ በርበረ) ብፀሸግ ደቡባዝ ከቕርቡ ይዕድም፡፡

2. ተቓረጽቲ ንኹሉም ሕንወውያን ኣቕረብቲ ክፍት እዩ፡፡

3. ተቓረጽቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ሞኒን ናይ ዓመት 2026 ክለራንሸን መሸጠን የቕርበሉ፡፡

4. ተቓረጽቲ ተወሃኺ ሓበሬታ ምስ ዝያልዩ ካብ ሜኣለይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስተሪ ትምህርቲ ቁ.20 ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን ዕድማን ኣስመራ ቁጽሪ ቴሌ 200593/123749 መቓረቲ ሸድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡

5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕስት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፍት ኮይኑ ደጃንሑ፡፡ ደገባዊ ዝቐረበ ጨረታ ክንጸግ እዩ፡፡ ተቓረጽቲ ሕንወውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሱብኽ ሸዝኒት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክወሰኩ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽበሉ፤ ኣብ ኣዳሪሽ ሜኣለይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስተሪ ትምህርቲ ኣስመራ ኣብ መባል ዓሸራይ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ጨረታ ደፊጹ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ደማ ብየልዲ ይኽፈት፡፡

6. መክበሪ ቸረታ ናይ ግፍሮ በርበረ ናዩ Bid Security) (CPO)20,000.00 ናቕፋ ክኸ ኣለዎ፡፡

7. ጨረታ መምርሒ ዕድማን ምምሕዳር ንብረት መንበኣትን ብበኣዘዞ መሳረት ይቐየድ፡፡

8. ሚኒስተሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምህራዝ መሳሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስተሪ ትምህርቲ
ጨ/ሓ/ኣ/ዕድማን
በይት ትምህርቲ ሸዝኒት ማይ-ሓባር
ቴሌ. 200593/123749

ምልክታት ባሕሪ - መድሕን መርከብን ባሕረኛታትን

ምሰየኖ ተኽሊይ (ዋርሳይ)

ሓይሊ ባሕሪ ጉጅለ ባህሊ ኣወጻን



ፈጣናት ጀላቡ

ኣብ ጎምጎም ባሕሪ ዝርከቡ ንባሕረኛታት መሐበሪ ዝኾኑ ብዙሓት ምልክታት ኣለዉ። እዞም ምልክታት እዚኣየም፡ 'ህይወት ኣድሕን' ተባሂሉም'ውን ክጥቀሱ ዝኽእሉ እየምሉ። 'ሴሜፎር' ባሕረኛታት ብም'ኻናም ድማ፡ ኣብ ዝሃለዉ ባሕራዊ ምንቅስቓሳት፡ ልዑል ኣገዳስነትን ረብሓታትን ኣለምም። ኣብ'ቲ ኤርትራ እትውንኖ ጎምጎም ባሕሪ፡ ካብ 30 ዘይውሕዱ ምልክታት መሐበሪ ባሕረኛታት ኣለዉ። እዞም ጸጋታት ባሕርና ዝኾኑ ምልክታት እዚኣየም፡ መሰመን'የም፧ ኣብይ ቦታ ኾ ይርከብ፧ ወዘተ ዝብል፡ ኣባል ሓይሊ ባሕሪ ዝኾነ ጸሓፌ ናይ'ዚ ዓንቀጽ፡ ንክኢላታት ሕጊ ሓይሊ ባሕሪ እናተወከሰ ካብ ረብ ቁሩር ክሳብ ረብ ዱሚራ ዘድሊ መጽናዕትን ምርምርን ብም'ኪያድ ኣዳልዩ ሰዲዱልና ኣሎ'ሞ፡ ንኡዳላዊኡ ሰለ'ቲ ዝኾዀሮ ጸዕሪን መጽናዕትን እናመሰየንና፡ ኑቲ ጸሐፍ ነቐርበልኩም - ሰናይ ንኡቡ።

መቓብር እምብርሚ

ብኢኻውሕ ዝተሃንጸ መቓብር እምብርሚ፡ ጉልላት ወይ ቁብ ናሕሲ. ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ግዜ ጽሩይ ወይ ንጹር ኩነታት ኣየር ብወገን ሶሜን ኣጸብቑ ንላዕሊ. ዊጥ ኢሉ ደርኢ። ካብ ርሑቕ ዋላ'ውን ዝነደለ ተረኢይነት ዘለዎ ኩነት ክልለ ዝክኣል እየ። ንባሕረኛታት ድማ ንጉዕዞኣም ዘጎልዋ ሓጋዚ መሐበሪ ኮይኑ የገልግል።

ምድርባይ መልሕቕ

ብሓፈሻኡ፡ ኣብ መላእ ሶሜናዊ መትረቡ መራኽቡ መልሕቕ ደርብዮን ከዕርፋሉ ዝኽእላ ማያዊ ኣካል እየ። እዚ ማለት እቲ መራኽብ ዘዕርፋሉ ቦታ ንወገን ምዕራብ ናይቲ መትረብ ይርከቡ። ኣብ መላእ ናይ'ቲ መትረብ ዝተዝርግሐ ትሕቲ ማያዊ ገመዳት ስለዘሎ። ኣብ'ዚ ማያት መልሕቕ ክድርብ. ዝደለ. ባሕረኛ፡ ጥንቃቐ ክገብር ኣለዎ። ኣብ መጠበሉትኡ ክፋላት ናይዚ ማይ ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ንዘፍሱ ንፋሳት ንምድሓን መዕቀቢ. ወይ መኸወሊ. ዝብሃል የብሉን። እንተ'ኾኑ ባይታ ናይ ባሕሪ ብሓፈሻኡ መልሕቕ ቀጥ ኣበሉ ዝሕዝ ሜዳም ቦታ እየ። ክትጠበስ ኣብ ትደልየሉ ድማ መልሕቕ ኣወጻእካ ንኽትጠበስ ኣገዙ እዩ ዘተኣማምን።

ደሴት ሓሪት

ካብ ደቡብን ምብራቕን ንዘፍሱ ንፋሳት ከወሊ. ዘኽእሉ ቦታ ስለዘለዎ፡ መልሕቕ ንምድርባይ ዘኽእል ማያት ኣለዎ። ብወገን ምዕራብ ዘሎ ናይ ደቡባዊ ክፋል ደሴት ሓሪት፡ መልሕቕ ከደርብ. ዘኽእል እየ። ኣህጉት 21 ክሊ ሜትር (13 ማይልስ) ካብ ደሴት ሓሪት ንሶሜን ኣብ መሰመር ምዕራብ ወሰናሰን ደሴት ሰል ባዳራ ዝርከብ ቦታ እየ። ናይዚ ቦታ ጸቡቕ ኣናልጦ ዘለወን ንኣሽቱ ጀላቡ መልሕቕ ክድርብያ ይኽእላ። እዚ ማያት ካብ ንፋሳት ሶሜን ብኽፈል ዝተሰተረ ኮይኑ፡ ክሳብ 14 ሜትሮ ዝኾነ ዕምቈት ኣለዎ። ባይታኡ ደማ ሐጻን ጭቃን ዝመልኦ እየ። ብዙወሰኽ፡ ብወገን ደቡብ ደሴት ሸኽ ኣል ዓቡ መደርገዪ መልሕቕ ደርብዮ።

ኣይዘሎዎ ማዶት

ሶሜን ካብ ኣይዛላ ደሴት፡ ኣብ መእተዊ ወሽመጥ ዙላ ባሕሪ ሰልዒት ትርከብ ሐጻ ዝዕበለላ ንእሽቶ ደሴት እዩ። ኣይዘሎዎ ማዶት መሐበሪ መራኽብ ዝኾነ ናይ መብራህቲ ዓንዲ ትውንን። እዚ ናይ መብራህቲ ዓንዲ ብዘዘሞመ ሓጻውን ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ጸዕዳ ሕብሪ ምስ ጸለም ሽራጥ ዝተለንየ ሕብሪ ኣለዎ። ቁመት ናይዚ ዓንዲ 13 ሜትሮ እየ። ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ናይታ ደሴት ድማ ቁይሙ ይርከቡ።

ደሴት ኣሰርካ

እዚኣ ብኽልተ ንኣሽቱ ደሴት ዝቑመት እያ። እታ ብሶሜናዊ ምዕራብ እትርከብ ንእሽቶ ደሴት፡ ብለጠቕ ዝበሉ ኣጻድፍ ዝተሸበኑ ክትክውን ከኣ እታ ብደቡባዊ ምብራቕ ትርከብ ንእሽቶ ደሴት ደማ ሐጻዊ ዝምድራን ብሓጸርቲ ቀጥቂጥ ዝተሸፈነን እያ። ንወገን ደቡባዊ ምብራቕ ክፋል ናይታ ደሴት፡ 8 ክሊ ሜትር (5 ማይልስ) ዝኾነውን ንውሓት ዘለዎ ከርከሰ ባሕሪ (reef) ተጋዲሙ ይርከቡ። ደሴታት ኣሰርካ መሐበሪ መራኽብ ዝኾነውን መብራህቲ ይውንኖ። ዓንዲ ናይቲ መብራህቲ ብዘዘሞመ ሓጻውን ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ጸዕዳን ጸለምን ሽራጥ ዝሕዞ እየ። ቁመቱ ድማ 8 ሜትሮ ደረጃሉ። ኣብ ሶሜናዊ ምዕራብ ንእሽቶ ደሴት ድማ ተተኻሊ ኣሎ።

ደሴት ሸማ

ደቡባዊ ምዕራብ ደሴት ሸማ ብከርከሰ ባሕሪ (reef) ዘይርይር ዝበለ ኮይኑ፡ ኣብ ጥቓ ደቡባዊ መትረብ ምጽዋዕ ይርከቡ። ደሴት ሸማ መሐበሪ መራኽብ ዝኾነውን መብራህቲ ኣለዎ። እቲ ዓንዲ መብራህቲ 22 ሜትሮ ቁመት ኣለዎ። ብኽበብን ረጉድን ናይ ትብ ሓጺን ዝተሰርሐ እየ። ኣብ ጥቓ ጫፍ ናይታ ደሴት ድማ ተተኻሊ ይርኢ።

ኣይዘሎዎ ዳህላድ

እዚኡ ኣብ ሶሜናዊ ምዕራብ መእተዊ ናይ ማርሳ ሃዋከል ትርከቡ። ካብ ኣይዘሎዎ ዳህላድ ናብ ደሴት ሚዳር ዘሎ መሰመር ንብዞ ንሶሜናዊ ምብራቕ ደሴት ዓጅዝ ሓሊፉ ናብ ደቡባዊ ምብራቕ ይቐጽል። ደሴት ዓጅዝ ብዕሙር ኣግራብ ዝተዋሕጠት ብኮራል ባሕሪ ዝቑመት እያ። ምስ ጸናሒ ባሕሪ ድማ ተመሳሪርያ ትርኢ። ብደቡባዊ ሸነኻ ውሑዳት ናይ ኣንዱ ንዝውተር ደው ኢለን ይረኢዩ። እዛ ደሴት ኣብ ገለ ገለ ቦታታት ብከርከሰ ባሕሪ ዘፈርፈር ዝበለት ኮይና፡ ካብ ነዊሕ ድማ ይርኢ።

ኣይዘሎዎ ላክሱ

እዚኡ ንእሽቶ ደሴት ኮይና፡ ካብ ደሴት ሃዋከል 8 ክሊ ሜትር (5 ማይልስ) ንሶሜን ርሒቓ ትርከቡ።

ኣይዘሎዎ ደርጋማን ሰቒር

እዚኣ'ውን ንምዕራባዊ ወገን ኣብ መእተዊ ናይ ሓደ ማርሳ ዝቑመት ደሴት እያ። እዚ ማርሳ ብከርከሰ ባሕርን ደሴታትን ዘተዓዋዕ እዩ። ኣብ መንን'ዘን ደሴታትን ሃዋከልን ድማ ይርከቡ።

ሻብ ኣቡ ኣል ከሱ

ናብ መርጀን ከርከሰ ባሕሪ ዝወሰቐ ሓደገኛ ደሴት መሰል ኣህል እየ። ምኽንያቱ ባሕሪ ምስ ዝመልእ ሰለ ዝሸፈን ንባሕረኛታት ኪጋጊ ይኽእል። እዚ 4.8 ክሊ ሜትር (3 ማይልስ) ንውሓት ዘለዎ ኮይኑ ጸበቕ ጌሩ እዩ ዝርኢ። ምልኣት ባሕሪ ኣብ ዝነደለሉ እዋን ከኡ ሶሜናዊ ክፋል ጫፉ ይኽተጽ።

ኡም ዓል ሻሪን

እዚ መሐበሪ ንመራኽብ ዝኾነውን መብራህቲ ዘለዎ ደሴት እዩ። ብዘዘሞመ ናይ ሓጻውን ግማቢ (ታወር) ድማ መብራህቲ ዝኸቀሎ ብጸዕዳን ጸለምን ሕብሪ ዝተለንየ ዓንዲ ኣብ ሶሜናዊ ምብራቕ ክፋል ናይታ ደሴት ደው ኢሉ ደረኢ። ቁመቱ ድማ 17 ሜትሮ እየ።

ዓንዲ የሚድር ዘርፍ ጨፍጭ

እዚ፡ ደቡባዊ ምብራቕ መእተዊ ናብ ማርሳ ሃዋከል እየ። ዝ. መእተዊ ሃዋኪ. ናይ ማርሳ ሃዋከል ዘቑመ ሶሜናዊ ምዕራቡ ብርኽ ዝበለ ቦታ ናይ ጐምጎም ባሕሪ ኮይኑ፡ ክልተ ምስ ኣብ ረብ ሓርቢ. ዝርከቡ፡ ሓድሕድ ዝመሳሰሉ ብዮል ማንታ ኩጀታት ደው ኢሉም ይርከቡ።

ረብ ሓርቢ

እዚ፡ ካብ ርሑቕ ዝርኢ ደሴት ዝመሳል ብዮል ማንታ ኩጀታት ዝሓዘለ ገሲሕ ምልክት እየ። ነቲ ኩጀታት ተሳኪሙ ዘሎ መራት ኣገዙ ለጠቕ ዝበለ ሰለዘሾኻ እየ ደሴት መሳሊ ዝርኢ። እየም ድሕሪ ረብ ሓርቢ. ዘለዉ ካልኦት ካብቲ ንላዕል ወጣም ኢሉም ዝወጹ ናይ ፖልካኖ ኩጀታት ግን ክሳብ ክንድቲ ንመሐበሪ ዝጠቅም ኣገዳስነት የብሉዎምን። ኣብ መንነ ረብ ሓርቢን ረብ ገማልን ጸርጋ ምሉእ ብምሉእ ብከርከሰ ባሕሪ ዝመልኣ 6.4 ክሊ ሜትር (4 ማይልስ) ንደቡባዊ ምብራቕ ሸነኽ መእተዊ ናይ ማርሳ ተዘርጊሑ ይርከቡ።

ሻብ መሓመድ

እዚ፡ ካብ ርሑቕ ዝርኢ ከርከሰ ባሕሪ እዩ። 14 ሜትሮ ዝዓቐኑ ዕምቈት ዘይብሉ መርጀን (coral) ድማ ንወገን ሶሜናዊ ምብራቕ ናይታ መትረብ ካብ ደቡባዊ ምብራቕ ሻብ መሓመድ ኣህጉት 11.3 ክሊ ሜትር (7 ማይልስ) ተሰጠሐ ይርከቡ።

ረብ ገርማል

እዚ'ውን ናይ መርጀን ባሕሪ ነጥጣ ኮይኑ፡ ኣህጉት 5 ሜትሮ ብራኽ ዝውንን ናይ ደሴት መልክዕ ዝሓዘ እዩ። ምስ ቀንዲ መሬት ወይ ገምጎም ብለጠቕ ዝበለ ክሳድ ዝተኣረረ ስለዝኾነ ከኡ፡ ካብ ዝቑረብ ደሴት ነኳ ዝቑረብ ገምጎም ክትርእዮ ከለኻ፡ ደሴት እዩ ዝመሳልዩ።

ሶሜናዊ ምብራቕ ደረብዩነ ደሴት

እዚኡ፡ ካብ ረብ ኣንፊለ 1.6 ክሊ ሜትር (1 ማይልስ) ንሶሜን እትርከብ ብቑጥቂጥ ዝተሸፈነት ንእሽቶ ደሴት እዩ። ደቡባዊ ምብራቕ ክፋላ ድማ መእተዊ ናብ ማርሳ ኣንፊለ እዩ። ምስኡ'ውን ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ናይዛ ደሴት፡ ሰለኡ ዝኾዉ ጸዕዳ ሰለሰ ከርናዓዊ እተሰከመ መብራህቲ መሐበሪ መራኽብ ዝኾነ ናይ ላሰለ. ምልክት ዘለዎ ዓንዲ ተተኻሊ ይርከቡ።

ደሴት ደረብዩነ

እዚኣ'ውን ብሓጸርቲ ቀጥቂጥ ዝተሸፈነት ንእሽቶ ደሴት ኮይና፡ ኣህጉት 1.6 ክሊ ሜትር (1 ማይልስ) ሶሜን ካብ ረብ ኣንፊለ ርሒቓ፡ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ዘሎ መእተዊ ናብ ማርሳ ኣንፊለ እትርከብ ዞጭጣ እዩ። ፋና መሐበሪ መራኽብ'ውን ኣለዋ። እዚ መብራህቲ እዚ፡ ኣብ ሰለሰተ ገጹዉሩ ኣብ ጫፉ ደማ ሰለሰ ከርናዓዊ ምልክት ዘለዎ ዓንዲ ተሰቒሉ ይርከቡ። ብወገን ደቡባዊ ምዕራብ ናይታ ደሴት'ውን ይርከቡ። ብዙወሰኽ፡ ብደቡባዊ ምዕራብ ናይዛ ደሴት ኣብ ዘሎ ዞጭጣ ኣህጉት 8 ክሊ ሜትር (5 ማይልስ) ዝተዘርግሐ ዝቑጸጸ መርጀናዊ ከርከሰ ባሕሪ ኣሎ።

ረብ ዓንተራ

እዚ፡ ለጠቕ ዝበለ ዞጭጣ መርጀን ኮይኑ፡ ካብ ጎምጎም ባሕሪ ኮይኽነ እንሽኮጥምዩ። ደሴት መሳሊ ዝርኢ እዩ። ጠያ፡ ኣብ'ዚ ዞጭጣ'ዚ. ተደኩና ትረኽቡ። ኣብ'ዚ ጥቓ ጎምጎም'ዚ. ተተኻሊ ዝርኢ መሐበሪ መብራህቲ። ካብ ኣህጉት 12.9 ክሊ ሜትር (8 ማይልስ) ዝርሕቑ ማኣከል ባሕሪ ክም ዝርኢ ጸብጸባት ይሕብሩ። ናብ ደቡባዊ ምዕራብ ወገን ናይ'ዚ ዞጭጣ ቀረቡ ዝተሃንጸ ናይ መንደቕ ዘፈር ወደብ (pier) እውን ንሶሜናዊ ምዕራብ ተዘርጊሑ ይርከቡ።

ይቐጽል

መደብ ቴለቪዥን

(ሰንበት)

ሰዓት	መደብ
09:00	ሃገራዊ መዝሙር
09:05	ኤሮቢክስ
09:35	ፊዮሪና
10:10	ፓኖራማ
10:30	መደብ - ሚሳል
11:00	መደብ ማእገር
13:00	ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ)
13:40	ቀስተ ድሕነት
14:00	መደብ ሞዛይክ
16:30	እንዳ ዝማም
17:05	ፍረ ጻዕሪ
17:30	ፈንቅል
18:05	መደብ ዋልታ
18:35	መደብ ህርመት
20:00	ዜና (ትግረ)
20:13	እትመት
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	መደብ ቡያ
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:10	ድራማ
22:30	ዜና (እንግሊ.ዝ)

(ሰኑይ)

ሰዓት	መደብ
10:15	ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ
11:45	ደርፊ
12:00	ሃገራዊ መዝሙር
12:02	መደብ
12:30	ዜና (ትግርኛ)
12:50	ዜና ስፖርት
12:55	ዕላል ጥበባት
13:30	ዜና (ዓረብ)
13:45	መደብ ደባይዋ
14:55	መደብ ሚሳል
15:30	ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳማያዊ መደብ
17:00	ዜና (ትግርኛ)
17:15	ደርፊ
17:30	ዜና (ዓረብ)
17:45	ደረት ቃና
19:00	መደብ ሳይዳ
20:00	ዜና (ትግረ)
20:15	ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት
21:00	ዜና (ትግርኛ)
21:25	ደሃይ ሕትመት
22:00	ዜና (ዓረብ)
22:10	መደብ ስስ
22:30	ዜና (እንግሊ.ዝ)

ስፖርት
ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ኣሌክሳንደር ኢሳቅ፣ ኣብ ሜዳ ፓላስ ዘለዎ ሕማቅ ታሪኽ ክልውጥ . . .

ኣሌክሳንደር ኢሳቅ፡ ዙሓለፈ መዓልታት ሻውብይቲ ኮሶሶ ምስ ሰከውኦ ድሕሪ ምርኣቡ፡ ሎሚ ናብ ሜዳ ክረስታል ፓላስ ነምርሕየሉ።

ኣሌክሳንደር፡ ኣንጻር ክረስታል ፓላስ ኣብ ዙዀደን ሰዓሰቱ ዳሕረወት ግቦም ክልተ ሹዮታት ኣመዝጊቡ'ዩ። ይሽን እምር፡ ኣብ ሜዳ ፓላስ - ስልሃርስ ፓርክ ልዕሊ ናይ ካልኦት ክሳቡ፡ ንዞይሕ ግዜ ሹዮ ነርኞጹረሉ ዝተገብኡ ሜዳዩ። ሎሚ ሰንጠቡ፡ ከኣ ዝ ታሪኽ ክቕይር ትጸቢት ይግበረሉ።

ብዘነገ ሹዮ ናይ ምምዚጋብ ዓቕሚ ኣሌክሳንደር ኢሳቅ ብርጋሰ ተኣማንኡ ዝተዛረበ ኣልጫሂኡ ኢራኦሉ "ኣሌክስ ዝዀየለ ኣመዚጋቢ ሹዮዩ" ድሕሪ ምባሉ "ኣብዚ ሹዮ ዝሸከሉ ሰፍራ እንተ ኣቕሪብኦ'ዮ ናብ ሹዮ ንምልሞጥ ኣደሸሽርንዩ" ክብል ገለጸዎ።

ሊቨርፑል ዝኮነንናዊ ብቐዓት ኣሌክሳንደር ኢሳቅ ክነቱነሉ ትሸርሕ ነም ዘለ ዝገለጸ ኢራኦሉ "ልክዕ ነም ኮሶም ተጻወትቲ ኣብ ጸወታኡ ካልእ ሃዥ ክወሰኽ ይኽእል'ዩ" ኢሉ።

ሊቨርፑል ኣብዚ ወቕቲ 67 ሚእታዊት ናይ ዓውት መዝገዲ ብምሓዙ ሎሚ ናብ ሰንደን ክተቐንዕ'ዩ። መሳመር ምክልኻል ኣብ ሓሊቓ ፓንታኣ ሻን ዳይክ ብምቁሞቡ፡ መሳመር ምጥቃን ንኣሌክሳንደር ኢሳቅ ሓሳፍት ሂቡ ንዓወት ክትዛየናዩ።

ሎሚ ድሜ ኮቲ ኣብ ሜዳ ስልሃርስ ፓርክ ሹዮ ናይ ዘይምምዚጋብ ደርቱት ኣሌክሳንደር ኢሳቅ፡ መሽዘምታ ክትገብረሉ ብምልኡት ኣንቲዳ ኣሎ።



"ኣልቫረዝ ኣንጻር ባርሴሎና ክግጥም ድሉው ኣሎ፣" ድያጎ ሲሞነ

ኣብዚ ሎሚ ቀዳመይትን ካልኣይትን ፓንታታት ላ ሊጋ ዙኪይደኦ ተሃራፊ ግቦም፡ ጁልያን ኣልቫረዝ ድልውን ብቑዕን ነም ዘሎ ኣሰልጣኒኡ ድያጎ ሲሞነ ገለጹ።

ናይ ሎሚ ግቦም ኣትሰቲት ማድሪድን ባርሴሎናን ድሕርቲ ብምስግጋር ኣልቫረዝ ኣመልኪቱን ዝኣተዋኦ ኩናት፡ ናይ ፈለማ ርክብን'ዩ። ኣብዚ ክቢድ ግቦም ነኡ እቲ ናብ ባርሴሎና ክሲጋገር ድላይ ኣሕዲሩ ዝጸንሐ ኣልቫረዝ፡ ማልያ ኣትሰቲኮ ዝኸደሉ ሰዓት ብዙኣማምን ደረጃ ነም ዘሎ ኣረዲኡ።

ድልውኑት ተጻወትቲ፡ ዝ ግቦም ዝገለጸ ሲሞነ፡ "መሳመር ምክልኻልና ንሓይል መሳመር ምጥቃዕ ባርሴሎና ክገጥም ኣይኩናን ክኣተባበዩ፡ እንታይ ደኣ ነምቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘንጸባረቕናዮ ብቑዓት ንምዕቃብ ኢና ክንጻወት።" ኢሉ።

ናይ ሃንሰ ፍሊክ ባርሴሎና ምስታ ናይ ጓርድዮላ ባርሴሎና ነንጸጽሪ ዘይመረጸ ድያን ሲሞነ፡ ዝ ናይ ሎሚ ግቦም ብምሉእ ብቑዓት ብምጽዋት ደገፍቲ ዝብህግዎ ዓውት ነመዘምን ኣንቂዱ ነም ዘሎ ሓቢሩ። "እዛ ፓንታ ቅዲ ኣጸዋውታኣ ኣይቀየረትን ዘላ። እዛ ፓንታ ሓይል ጽቕጠትን ምቀጽጻር ኮዕሶን ትልለየሉ። ልዑል ሹዮ ናይ ምምዚጋብ ዓቕሚ ድማ ኣለዋ።" ኩብል ንባርሴሎና ገለጸዎ።

ምስ ሓይል ፓንታ ጸወታ ይጸበዮም ነም ዘሎ ዝተኣማ ሲሞነ፡ ዝ ግቦም ብዓውት ክመጽኡዎ ድልዋት ነም ዘለው ሓቢሩ።



ቶተንሃም ንሊድስ ኢዳ ሂባ

ሊድስ ጸቢብ ግን ነኣ ካብ ዓውት ዘየሳናሽል ውጽኢት ትግሊ ቀዳም ኣመዝጊቡ።

ግቦም ሊድስ ኣንጻር ቶተንሃም ንዘበንዘሐ ሰዓታት 0ብ0 ዝዘይም መሳሊ ነይሩ - ክሳዕ እቲ ዓሰርተ ሰለስተ ደቒቕ ክተርፍ እኽሎ ተቐይሩ ዝኣተወ ናህ ኦፌር ናብ 1ብ0 ዝልወጥ። እዚ ውጽኢት ከኣ ንጽንዕ ጉዕዞ ናይ ርብርት ደ ዘርቢ ዘኽእም ኩይኑ።

ሆላንዳውያን ሚኪ ሻን ደ ጆንን ጃን ፓወል ሻን ሀክን ምስ ናይ ቀድም ተጻወታይ ኢያክስ መሓመድ ቁዱስ ኣብ ቀድሚት ዘሰለፈት ቶተንሃም፡ ቀድሚ ዕረፍቲ ዝኮነ ንቐድሚት ክተሸገር ተራኢዩ። ቶተንሃም ቀድሚ ዕረፍቲ ብመንገዲ ቁድሰን ያመር ማርመሽን ክልተ ዘይቀንዓኣ ፈተነ ጥራይ'ያ ኣኪይዱ።

ጸወታ ናብ ዕረፍቲ ቀድሚ ምምርሑ ግኡ ኣብ ማእከል ሜዳ ዓቢ ክስተት ኣጋጢሙ ነይሩ። ኣክፋፋሊ ቶተንሃም ማዝዳ ፈርናንያስ ኣብ ክሊ ልዳቱ ኮዕሶ ብኢዱ ተኽኪፍዎ። 'ሻር' ንወሳ ዘበቐዕ ሰኤሊ ብዘይምቕራብ ግኡ ጸወታ ብዙሓት ኣጥሪሑ።



ብዘይመቐጻዕቲ ክቐጽል ክኢሉ። እቲ ካልኣ ክስተት ጉዳይ ቦግሲ እዩ። ኣብ የማናይ ድሕሪት ዝጸወት ናይ ሊድስ ጃይደን ቦግሲ ካብ ጸወታ ወጺኡ ንምትያስ ተል ሃሪምኦ። ቦግሲ ብዘይ ናይ ሰምዕታ ካርድ ክሓልፈሉ ከሎ፡ ማትያስ ተል ግን ብመጕዳእቲ ካብ ሜዳ ክወጽኣ ተገዲዱ።

ቶተንሃም ድሕሪ ዕረፍቲ ዝተፈለየ ኣቀራርባ ሒዛ ክትመጽኣ ትጸበት እናተገብረሉ ሊድስ ካብ መቐየሪ ክፍሊ ሒዩል ጸንት ሒዛያ መጺኡ። ዶሚኒክ ካልቨርት-ለዊንን ኣኡ ታሩካን ናብ ልዳት ቶተንሃም ብምጽጋብ ንሓልዋ ልዳታ ጸቕጠ ፈጠርሉ። ሊድስ ልዕሊ ቶተንሃም ንዓውት ሃደነታ። ሴን ሎንግስታፍ መኽፈቲት ሹዮ ዘመዛገበ መሳሊ እንተኾነ ሓለዋ ልዳት ቶተንሃም ብዘይንቅ ብቑዓት ኣድሒንዋ።

እቲ ኣብ ሜዳ ካብ ዝኣቱ ሓደት ደቓይቕ ዝገበረ ኦፌር ግን ዋሕሲ ሊድስ ኩይኑ። ንዞዕሶ ብጂጋማይ ኮርናዕ ናይ ልዳት ናብ ሹዮ ለዊጥዎ። ኣብዚ ወቕቲ ተኻይዱ ካብ ዘሎ ግቦማት ኮኑ ብቑይሩ ብዘኣተዎ ዝቑልጠፍ ዝኮመዝገቡት ሹዮ ኩይና። ኣብ መባል 77 ደቒቕ ናብ ሜዳ ብምእታው ኣብ መባል 79 ደቒቕ ኣመዝጊብዎ።

ቦዘ ሹዮ ሊድስ ድሕሪ 14 መሳኸረም ናይ ፈለማ ዓወታ ክትመዝግብ እኽሎ፡ ቶተንሃም ድማ ኣርባዕተ ከይተሳዕረት ዝተጓዘዙዩ ጸወታ ብሰዓረት ተዛዚመ።

ሞት ሰዒማ ዝተመልሰት ማን.ዩናይትድ ሎሚ'ኸ ይሰልጣ ዶ ይኽውን፡

እታ ኣብ መሳልል ሰሜዳ ፕሪመር ሊግ መባል 17 ደረጃ ሒዛ ዘላ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ሎሚ ኣብ ኦልድ ትራፍፐርድ ንኦስቶን ቪላ ክትጥምማዩ።

ዩናይትድ፡ እታ ኣብ ማእከለይ ሰመን ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝርከበላ ዓወት 'ኣብ ግብ ዝበለ ጸዓም እትረአ ንኣሹዮ ብርሃን' ኩይናታ ኣሎ። ኣብ ኦልድ ትራፍፐርድ ካብ 2ብ0 ምስ ሞት ዝተራኸበላ ግቦም ተመሊሱ 3ብ2 ዝተዓወተላ ምሸት። ብኣንጻሩ ቪሌ ሰለስተ ዓወት ዝተሓረመን ዳሕረዎት ግቦም'ያ ሰሪዳ ዘሎ። ኣብታ ክሰጠን ኣሰልጣኒኡን ዘሎ ሃዋህው ግኡ ካብ ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝበለጸ'ዩ ዘሎ።

ወዲ 55 ዓመት ኣና ኣምረ ንኣስ ክትካኦ'ዩ ዝበል ወረታት ክናፈስኻ እንተቐጸ፡ ምስ ኣስቶን ቪላ ሓዲሽ ውዕል ንምኢታው ተቓሪቡ ደርጎቡ። ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝበዝሮ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ምስ ኣቦ መንበር ክሰብና እወታዊ ዝርርብ ኣካይዲና። ሰለዚ ብዘነገ ዝመጸእ ሰመን ንዞሪቡ፡ ከነሱ ዝርርቡና ብሓንሳብ ንቐጽሰሉ ዘሎ ተኾኢሎ'ዩ ነይሩ" ኢሉ።

ቪሌ ሎሚ ዓመት ኣብ ትሕቲ መሪሕነቱ ኣዩናቒ ሸውዓት ናይ ዘይተዋህሮኦ ግቦማት ሰሪዳ - ዋላኳ ሰሉስ ምሸት ከቢድ ሰደረት እንተ ኣጊንደት። ዩናይትድ ግኡ ካብ ዞባ ምምላስ ንምውጻእ ሀርድግ ኣብ ምባል'ያ ትርከቡ።

ኣሰቶን ቪሌ ካብ ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝሓደሽ ኣቋውማ እኳ እንተላ ኣብ ኦልድ ትራፍፐርድ ግን ጸብቕ ታሪክ የብሎን። ኣሰቶን ቪሌ ኣብ ኦልድ ትራፍፐርድ ካብ ዙዀደዶ ግቦማት፡ 80 ሚእታዊት ናይ ስዒረት ታሪኽ'ዩ ዘለዎ። ካብ 1955 ኣትሒዝ ኣብ ሰለስተ ግቦማት ጥራይ'ያ ተዓዊታ። የጉዳ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ሎሚ ዓመት ኣብዚ ሜዳ ሰለስተ ግዜ ተናዚራ ኣሎ። እዚ ክወሃኹ ከኣ ንቪላ ሓዲሽ ናይ ዓውት ታሪክ ክተጽሕፍ ዕድል ዝፈጥረለ'ዩ።

ማንዩናይትድ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ግቦም ቀንዲ ናይ ጁጋማይ ተኾለኻላይ ኣይክህልዎንዩ። ለክ ሻው ካብ ጸወታ ወጺኡ ክኸውን እኽሎ ደርጉ ደሚ ናይ ምምላስ ተሰፉ የብሉን። ካርሰብ ባለባን ኡጋርተን ኣብዚ ግቦም ዘይህሉዉ ብምኽናም ሓሰፍት ማእከል ሜዳ ማይኖን ተሰማእነን ክሰልምዎ'የም። ናይ ቅድሚት መሳመር'ውን ካብ ሪቫፈርድን ሸሸን ኣገልግሎት ኣይክረኽብን'ዩ። እቲ ሰለስ ምሸት ካብ ሞት ዘድሓና ኮንጹ ብኦማድ፡ ፈርናንደዝን እምባፂን ተሰንዩ መድሕን ክኸና ትጸቢት ዝገበረሉ።

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ዋላኳ ብናይ ሰሉስ ዓወት ኣብ ምንቅቓሕ እንተላ ዳሕረዋይ መሳመራ ግን ዘተኣማምን ኣይኮነን። ኦልድ ትራፍፐርድ፡ ሎሚ ምሸት ካልእ ድራማ ካልእ ታሪክ ደዩ ዋላ እቲ ሕለፍ ናይ ዓውት ዛንታ ክሽንድ ዝረኣ ክኸውን'ዩ። መርገብ ሓቢሉታ 'ሶፐርት ሞል' እዚ ግቦም፡ 3ብ1 ብናይ ኣሰቶን ቪላ ዓወት ክዘዘምዩ ኢሉ ንዓዲ ሶፐርት ኮኑ ማንዩናይትድ 2ብ1 ክትዕወት'ያ ኢላ ትግምት። ኣንዙዙ፡ ዓምዲ ሶፐርት ግምነኻም እንታይ ይኸውን?



ማኑኤል ኑዌር፣ ኣብ ባየር ሙኒክ ሓዲሽ ክብረ - ወሰን ኣጽሒፉ

ማኑኤል ኑዌር፡ ኣንጻር ሜንዝ ድሕሪ ምስእኖ ንባር መሳመር ወኪሉ ኣብ ቡንደስሊጋ ዝተጻወተ ዝዓበየ ተጻዋታይ እታ ክሰብ ክኸውን ቦቐዐ።

ኣ ብ ዚ ቀረባ ኣዋርሕ ብ ዝ ተ ፈ ላ ለ የ ጥዕናዊ ጸገምት ካብ ጸወታ ክርሕቅ ዝጸንሐ ኑዌር፡ ኢጋጠምዎ ዘሎ ናይ እግሪ መጕዳኢ ካብ ሰለስተ ግቦም ኣሊዎ ዝጸንሐ'ዩ። ኣንጻር ሜንዝ ዙዀደዓ ጸወታ ደጫ ኣብዚ ወቕቲ ታሪኻዊ'ዩ ተባህሊኡ'ዩ።

ኣብዚ ግቦም ኣብ መባል 40 ዓመትን 225 መዓልታትን ዝተሰለፈ እዚ ሓለዋ ልዳት፡ ነቲ ብጀርንድ ረሀር ተታሒዙ ዝጸንሐ ናይታ ክሰብ ክብረወሰን ሓሊፍዎ ደርጉ። ኣብዚ ግዜ ወዲ 60 ዓመት ዘሎ ረሀር፡ ማልያ ባየር መሳነ ወዲ 40 ዓመትን 198 መዓልታትን ነሎ ሰበኡ ብምጽዋቱ'የ ዝ ክብሪ ሒዘ ሸሪሑ። በርንድ ረሀር፡ ካብ 1996 ክሳዕ 2008 ተጻዋታይ ባየር መሳነ ነይሩ።

ማኑኤል ኑዌር፡ እዚ ኣንጻር ሜንዝ ዙዀደ ጸወታ፡ ኣብ ባየር መሳነ ቀዳማይ ዝዓበየ ተጻዋታይ ጸወታ ዙዀደ ከሰርጉ እኽሎ። ኣብ ክሰቱ ቡንደስሊጋ ድማ መባል ሻብዓይ ደረጃ ዙኪሓ'ዩ።

ምስ ባየር መሳነ ዘለዎ ውዕል ኣብዚ ዓመት ዙዀዕዕ ኑዌር፡ ናይ ጸወታ ዙሙት ኣብዚ ክሰብ ክዘዘም ትጸቢት ይግበረሉ።



መደብ ጸወታ

ሎሚ
ፕሪመር ሊግ
ኢፕስዊች - ቦርንማውዝ 5፡00 ድቕ
ሳንደርላንድ - ቸልሲ 5፡00 ድቕ
ብራይቶን - ብረንትፎርድ 5፡00 ድቕ
ፓላስ - ሊቨርፑል 5፡00 ድቕ
ማንዩናይትድ - ኣስቶን ቪላ 7፡30 ድቕ
ላ ሊጋ
ኣትሰቲኮ - ባርሴሎና 11፡00 ድቕ

ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሻጥ መድሓኒት ሰሎም ፋርማሲ ኣደን ፋርማሲ ገዛ ገበሬ
ዕለት 08/11/2026
ጎደና ሰሎም ቁ.ዝ 47 ክፍ. ፍጹሸርሰት ጣቓ ባር ሊድያ ጎደና ክሳድ ገዛ 195 ክፍ. 2ይ ደረጃ ቤት ደሳቕ ተወልደመድህን
ቁ.ስልኪ. 122350 110750 08202877
ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Gabur Printing Services